# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 57 | 27 ጥቅምት | ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2013

ሰንበት



ገጽ 2
1ይ ገጽ ዘመነ እምኒ I

ገጽ 4
በዓል ወጸኢ.

ገጽ 5
ተንጠልጣሊት ልቢ ሐሰዩ



ገጽ 6
"ኣብ ዓለም እየም ዝነብሩ ወይ ዝገበሩ ካልኦት'ዮም እየም ዘፍርዩ ከኣ ካልኦት" መንእሰይ ክብርም ዑቕባዝጊ

ገጽ 7
ልኡልሰገድ - ከረን ንኣፍሪቃ ዘስተሰመታ ዳና




## መጉስዕ ከብቲ ናብ ነዳዲ ዝቐየሩ ተመራመርቲ

ኣርጀንቲናውያን ተመራመርቲ ንመጉስዕ ከብቲ ናብ ባህርያዊ ጋዝ ዝቕይር ኣጕዚብ ከምዝምዝበሉ ሮይተርስ ሓቢሩ። እቲ ኣጕዚብ ናይ መሰርሕ ኣብ ወሽጢ ከስዕ ናይቶም እንስሳታት ንዝርከብ ብዙሕ ኣወጻእካ ናብ ፈሰቶ ምምሳእ ኮይኑ፣ ሰዒቡ ብዝቕየድ ናይ ላብራቶሪ መስርሕ ድማ ቑጽታታት ናይቲ ጋዝ ከምዝፈላለዩ ይግበር። በዚ ከኣ እቲ



ቀንዲ ምንጪ ናይ ባህርያዊ ጋዝ ዝኾነ ሚቴን ዝተባህለ ኬሚካል ከምዝወሃሃል ይግበር ማለት እዩ።

እዚ ብልዑል ጸቕጢ ከምዝጸዕቅ እንተደኣ ጌርካዮ፣ ባህርያዊ ጋዝ ረኺብካ ማለት እዩ" ይብል ሓደ ካብቶም ኑቲ ምርምር ዘካየዱ ጉለርሞ ቤራ። ንሱ ኣስዒቡ፣ "ከም ምንጪ ናይ ጸዓት ኣብዚ እዋን'ዚ ኣዝዩ ግብራዊ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ኣብ 2050ን ኪኖኡን እንተደኣ ጠሚትካ፣ እዞም ሕጂ ዘለዉ ምንጭታት ናይ ጸዓት መውዳእትኦም ክህልዉ ኣይኮኑን። ሽዑ እምበኣር'ዩ ከም ኣማራጺ ክጥቀመሉ ዝኽእል።"

ነፍሲ-ወከፍ ላም ኣብ መዓልቲ ካብ 250 ክሳብ 300 ሊትሮ ሚተይን ካብ ከስዐኣ ተውጽእ። እዚ ከኣ ንሓንቲ ፍሪጅ ን24 ሰዓታት ከስርሓ ይኽእል።

## ኣመሪካ፡ ናይ ዓይኒ ምድሪ ቤት መግቢ



ኣብ ኣመሪካ ናይ ፈለማ ምዃኑ ዝተነግረሉ ናይ ዓይኒ ምድሪ ቤት መግቢ፥ ካብ ከተማ ሎስኣንጀለስ ወጻኢ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ከባቢ ከምእተኸፍተ ሰካይኒወስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ሓቢሩ።

ኣብቲ ቤት መግቢ፥ ዓማዊል ኣብ ናይ ዓይኒ ምድሪ ኮፍ መበሊ እዮም ተቐሚጦም ዝምገቡ፣ እቲ ዝቐርበሎም ብልዒ እውን ኣብ ዓይኒ ምድሪ ሽኽኑቲ ማይን ደገን ተባዚሎም ኣብ ዝተሰርሑ ናይ እምብረድ ኣቕሑ እዩ ዝወጽእ።

ኣብዚ 'ማጂክ ሬስትሩም ካፈ' ዝተባህለ ቤት መግቢ ካብ ዝተመገቡ ሓደ "እቲ ቤት መግቢ ብኩለንትናኡ ኣዝዩ ፍሉይ ስለዝኾነ ኣመና ባህታ ፈጢሩለይ" ክብል ኣድናቖቱ ገሊጹ።

ገለ ደቀንስትዮ ተመጋቦ እሞ ከኣ ክሳብ ቦርሳኦን ከይተረፈ ኣብቲ ናይ ዓይኒ ምድሪ ማርሞታት ኣቕሚጠን ክምገባ ምስረኣየት ኣዝዩ ከምዝሰደመማ እያ እታ ኑቲ ኑቲ ዜና ዝሸፈነት ጋዜጠኛ እትሕብር።

ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ቤት መግቢ ብወገኑ፥ "ሓድሽ ሓሳባት ናብ ኣመሪካ ከሕቱ ደሊና፣ ጌርናዮ ከኣ። ብውጽኢቱ ድማ ኣዚና ሕጉሳት ኢና" ክብል ባህታኡ ገሊጹ።

ብዙሓት ዓማዊል ብዓይነት ናይቲ ቤት መግቢ ጥራይ ዘይኮነ ብጽፈትን መቐረትን ናይቲ ዝቐርበሎም መግቢ'ውን ኣዝዮም ዕጉባት ምዃኖም እዮም ዝገልጹ።

ይኹን'ምበር፥ "እናበላዕካ ምሻን ዝዕድም ኩነታት" ብምባል ኑቲ ቤት መግቢ ዝቃወሙ ወገናት እውን ብዙሓት ምዃኖም እዩ ሰካይኒወስ ዘጽር።

እቲ ቤት መግቢ ኣብታ ሃገር ናይ መጀመርታ ይኹን'ምበር፥ ከምኡ ዓይነት ኣብያተ መግቢ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ክፍለ-ዓለም ኤስያ ልሙዳት ምዃኖም እቲ ሓበሬታ ኣረጋጊኡ።

## ቴክሳስ፡ ፍርቂ ማራቶን ዝኃየየት ህጻን



ኣብ ቴክሳስ (ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ) ጓል ሽዱሽተ ዓመት ህጻን ናይ ፍርቂ ማራቶን ርሕቀት ብተኸታቲ ሰለስተ ሰዓታት ብምዝዛም ከምእተሸለመት 'ዘ ዳላስ ሞርኒንግ ኒውስ' ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ።

ኣብዚ ብ12 ጥቅምቲ ዝተኻየደ ጉያ፣ ህጻን ኪላን ግላስ ኑቲ ርሕቀት ኣብ ሓጺር ግዜ ድሕሪ ምዝዛማ ኣብ ገጻ ዝኾነ ይኹን ናይ ድኻም ምልክት ከምዘይነበረ እታ ጋዜጣ ብዘውጸኦ ኣረጋጊኣ።

ክልተኦም ፍሉጣት ኣትሌታት ምዃኖም ዝነገረሎም ስድራኣ፣ ጓሎም እግሪ ካብ እትተክል ኣትሒዛ ኣብ ስፖርት ክትሳጠፍ ምጅንናዕ ብምምልካት፣ ጓል ሓሙሽተ ዓመት እንከላ 10 ኪሎ ሜትር ብጉያ ክትውድኦ ከምዝኸኣለት ዘኪሮም።

ኣብዚ ዕድመ'ዚ ንፍርቂ ማራቶን ብኸልተ ሰዓታትን 47 ደቃይቕን ክትውድኦ ብምኽኣላ ከኣ ናይ ዓለም ክብረወሰን ሒዛ ከምዘላ እዩ ዝገልጽ እቲ ምንጪ።

ኣዴኣ ንተማሃሪት ቀዳማይ ክፍሊ ጓላ ናብቲ ጉያ ቅድሚ ምስዳዳ ንሓኪም ከምዘፍቀደት እያ እትገልጽ። ካልኦት ሓካይም ህጻናት ግን ክንድኡ ዝኣክል ርሕቀት ኣብዚ ዕድመ'ዚ ሃሰያ ከውርድ ከምዝኽእል ይሕብሩ።

ድሕሪ ብቑዓም ኣብ ዝተሰርዐ ናይ ፍርቂ ማራቶን ጉያ ድማ ኣብ ካልእ ኮር ሽፈር ዝተባህለ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ተዓዊቲ ኮይኑ ኣሎ። ይኹን'ምበር ብዘይ ኑቲ ናይ ኪላን ክብረወሰን ክሰብሮ ወይ ክርክቦ ኣይከኣለን።

## ኢጣልያ፡ ኣለይቲ ሬሳ ብብልሸውና ይኽሰሱ

ፖሊስ ኢጣልያ ዝሓለፈ ሓሙስ ሓሙሽተ ብብልሸውና ዝተቐማጥዑ ኣለይቲ ሬሳ (ሬሳ ዝቕብር ዘዳልዉ) ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተወ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፥ እቶም ኣለይቲ ሬሳ ካብ ስድራ ቤታት መዋቲ ሓለፉ ክንጉብረልኩም ኢና እናበሉ ኣብ ወርሒ ነፍሲ-ወከፎም ዓሰርተታት ኣሽሓት ዩሮ ክኾዕብቱ ዝጸንሒ እዮም።

ዞባዊ ናይ ፖሊስ ሓላፊ ፍራንቸስኮ ፓስቶረ ካብ ከተማ ፔሳሮ ንሮይተርስ ከምዝሓበሮ፥ እቶም ሰባት ኣብ ቀብሪ ሌላን ጉሊላን ብምግባር ዘይተኣደነ ገዝዘብ ክጉብሩ ክኢሎም እዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፥ እቶም ሰባት ቅድሚ ምምዃቶም ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝጸንሕሉ ግዜ፥ ሕክምናዊ ኣፍልጦ ዘይብሎም ሰራሕተኛታት ናይቲ ሆስፒታል ኣብ ኣፍ ልቢ ናይቲ ሕሙም ንዝተተኽለ መስተኻኸሊ ህርመት ልቢ መንጢሎም ሰለዝወሰድዎ እቲ ሕሙም ንሞት ከምዝቃላዕ እቲ ሓላፊ ፖሊስ ኣረጋጊኡ። እቲ መሳርሒ (መስተኻኸሊ ህርመት ልቢ) ኣብ ጸለም ዕዳጋ ክሸጥ ምጽንሑን ዘይምጽንሑን መርመራን ምክትታልን ይግበረሉ ከምዘሎ ድማ ኣፍሊጡ።

እዞም ናይ ሕጂ ቅዱዓት፥ ካብ ሬሳ ክዓውንትን ከም ወርቂ ዝኣመሰለ ክቡር ዕንቁታትን ብምውሳድ እውን ተኸሲሶም ኣለዉ።

ኢጣልያ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብብልሸውና ካብ ዝፍለጣ ሃገራት ሓንቲ እያ። ጸብጻባት ኦዲት ከምዝሕብሩዎ ከኣ፥ ኣብታ ሃገር ዓመታዊ 82.69 ቢልዮን ዶላር ካብ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ይጠፋፋእ።



ዜና ሰንበት - የማነ ሃይለ

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 1ይ ገጽ ዘመነ እምኒ I

### 1. ኣመጻጽኣ ዘመነ እምኒ

ናይ መጀመርታ ሰብ ከመይ ከም ዝነበረ ክንስእሎ ሓንሳብ ንፈትን። ከምዚ ሎሚ ስረ፡ ካቦን ስካርባን ለቢሱ ዝኸይድ ኣይነበረን። ናይ መጀመርታ ሰብ ቅርጻኑ ዝወጽኣ፡ ዘይሰልጠኑ ተራጻሚ ባህሪን ንጉረላ ዝመስል ቅርጺ ዝነበሮን፡ ኣብ ንኤውሮጳ ኤስያን ኣፍሪቃን ዝሸፍን ትሮፒካዊ ጫካታት ዝነበር ዝነበረ እዩ። እንተ ረኺበ እንስሳታት ሃዲኑ ይምገብ፣ እንተ ሰኣነ ከኣ ሰራውር፡ ኣቑጽልቲን ፍረታትን ናይ ዝተፈላለዩ ኣትክልቲ ዝምገብ ነበረ። ኣብ ኣእዳዎው ንሃድን ዝጠቕሞ ብእምኒን ዕንጸይቲን ዘዳለዎ ኣጽዋር ነይሩዎ። ኵሉ ከኣ ኣብ ኣእዳዉ ክጸሮ ዝኽእል ሚዛን ነበሮ። ሓረስካ ሚሒስካ ምብላዕ ኣይፈልጥን፣ እንስሳትታ ዘራብሓሉ ደምበ ኣይነበሮን። ናይ ሽዑ ዝነዝሩ እንስሳታት - ከም ሓራምዝ፡ ርሂኖስሮስ፡ ሂፖፖታመስን ካልኣትን - ኣዝዮም ተጓዳእቲ ብምንባሮም ዝፍርሑ፡ ዘይቅረቡ ኣራዊት እዮም።

ከምዚ ሎሚ ደሕሪኦም እናኸደ ክዛደኖም ዘይኮኑ፡ ኣሰር ርጋጾም ርእዩ እዩ ዝሃድምን ዝሕብእን ነይሩ።

ኣብዚ ግዜ ሓደ ዝኸበበ እምኒ ብምስባር ብላሕቲ ኵርናዓት ዘለዎ ክትጥብሮ ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ። ቀዳሞት ደቂሰብ ግን እምኒ ክጽረብን ክበልሕን ከም ዝኽእል ክፈልጡ ነዊሕ ዓመታትዩ ወሲዱሎም። እዚ ዶንጉዩ ዝረኸቦ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ክጥቀመሉ ምስ ጀመረ ደረጃኡ ቀይሩዎ። ተረርቲን በላሕቲን ኣጽዋሩ ንመጻኢ ህይወቱ ለዊጡዎ። ጥበብ ወዲ ሰብ ካብታ መጀመርታ ኣጽዋሩዩ ዝጀምር። ከምቲ ኣብ ፊዚክስ እንመሃሮ፡ ብውሑድ ሓይሊ ልዕሊ ዓቕሚኻ ከስርሑኻ ዝኽእሉ መሳርሒታት ሚሂዙ። ብዝፎኹሰን ዝተረረን ዕንጸይቲ ዝተዳለወ ልዓት ኣብ ጫፉ በላሕቲ ኣእማን (ጽንጽሕለ) ብምእሳር ሚዛን ናይቲ መሳርሒ ኣብ ቅድሚት ከም ዝኸውን ገበሩዎ። ንኸልዕሉዎ፡ ክውርውርዎ፡ ክዛርመሉ... ንዕኦም ቀሊል እዩ። እቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ሓይሊ ኣብቲ ዝያዳ ሚዛን ዘለዎ ዘለዎ ጫፍ ዝያዳ ሓይሊ ወሲኹ ከድምዓሎም ይኽእል። ሎሚ ዕንጸይቲ ንፍልጸሉ መሳርሒታት ከም ምሳር፡ ፋስን ማሳን፣ እንኮዕተሉ ከም ኣፍራዛን ጭኳሮን፣ ወዘተ. ካቡቲ ጥበብ ቀዳሞት ዝመጽአ ኰይኑ ልክዕ ከምኡ ኣብ ጫፉ ዝያዳ ሓይሊ ኣለዎ።

ንዕንጸይቲ ኣብ እምኒ ብምፍሕፋሕ ዝጀመረ፡ ጸኒሑ ብጽንጽሕለ ጸረቡ ኵናት ኣዳልዩ። ኣብ ጨፉ ከምዚ ዝተጠቕሰ በላሕቲ ኣእማን ብምእሳር ንጸላእቱ ከድምዓሎም ክኢሉ። ኑቶም ብድምጻምን ኣሰርምን ጥራይ ዘህድሙዎ ዝነበሩ እንሳሳታት ክደፍሮም ጀመረ። ክንጥሞም ግዜ ኣይወሰደን፣ ጸኒሑዎ ንሱ ክዛደኖም ጀመረ። ካብ ስድራ እንስሳታት ከኣ ጸብለል በለ። ካብዚ ከኣ እቲ ኣብ ታሪኽ እንመሃሮ "ዘመነ እምኒ - The Old Stone Age" ጀመረ።

### 2. ሓዊን ወዲ-ሰብን

ሓዊ ንዝቖጻጸሩ ደቂሰብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ ነይሩ። ከምዚ ሎሚ ዝበዝሐ ንጥፈታትና ምስ ኤለክትሪክሲቲ ተኣሳሲሩ ዘሎ፡ ኣብኡዶም ቀዳሞት ደቂ ሰብ'ውን ሓዊ ተመሳሳሊ ጽልዋን ኣገዳስነትዩ ነይሩዎ። ህይወት ወዲ ሰብ ንሃዊሕ እዋን ኣብ ሓዊ ዝተሞርኰሰ እዩ ነይሩ።

ሓዊ ኣብ መጀመርታ ኣዝዩ ተፈራሒ፡ ታእምራታውን ሚስጢራውን ምንባሩ እዩ ዝግለጽ። ካብ ካልኦት ፕላኔታት ናብ መሬት ዝወረደ እምበር ኣብ መሬት ዝተፈጥረ ኣይመሰሎሙን። ድሒሮም ግን ሓዊ ካበይ ከም ዝመጽእ ዝሃገር ጽዋታት ክፈጥሩሉ ጀሚሮም። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝርከቡ ህጻናት ናይ ዓዶም ዘዕበዮም ዛንታ ጅግንነት (Heroic) ኣለዎም። ናትኩም ናይ ቍልዕነትኩም ዛንታ ጅግንነትኩ እንታይ ይኸውን። ምናልባት ከም "ስፓይደር ማን" ወይ "ባት ማን" ጨርቂ ወይ ግርምቢያለ ናይ ኣደኦም ኣብ ክሳዶም ኣሲሮም ዝጻወቱ ቈልዑ ገጢሞሙኹም ይኾኑ። ግሪኻውያን ከኣ ምስ ሓዊ ኣተኣሳሲሮም ዘዘንትውዎ ዛንታታት ነይሩዎም። ከምዚ ከኣ ይብል፥

መጀመርታ ሓዊ ምስ ኣማልኽቲ ጥራይ ነበረ። ዜዩስ ዝበሃል ካብቶም ኣማልኽቲ ዝሓየለን ዝዓበየን ነበረ። ንሓዊ ከኣ ካብ ሰብ ከም ምስጢር ሓቢኡ ሒዙዎ። ፕሮሚጠስ ዝተባህለ ካብቶም ኣማልኽቲ ንግብሪ ዜዩስ ኣይተሓጎሰሉን ነበረ'ሞ ንሓዊ ናብ መሬት ኣውሪዱ ንደቂ ሰብ ሃቦም። ዜዩስ ነዚ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተቖጥዐ። ንፕሮሚጠስ ኣብ ኣኻውሕ ኣሲሩ፡ ሲጋኡ ብኣሞራን ንስረን እናተተኸበ ክውዳእ ሓደጎ። ፕሮሚጠስ ነዊሕ ምስ ተሳቐየ ካልእ ሄርኩለስ ዝተባህለ ሓደ ካብቶም ኣማልኽቲ መጺኡ ኣድሓኖ።

ኵሉና ደቂ ግዜ ሓዊ ኣብ ገዛና ተፈጢሩዩ ጸኒሑና። ምስጢር ሓዊውን ኣብ ከሚስትሪ ወይ መባእታዊ ስነ-ፍልጠት ንመሃሮ ኢና። እቶም መጀመርታ ዝነበሩ ደቂሰብ ግን ከመይ ገይሮም ክረኽቡዎ ክኢሎም ትብሉ?

ኣብ ዝኾነ እንሰምዖ ዛንታ ናይ ኣቐዲሙ ዝተፈጥረ ሓዊምበር ሰብ ከመይ ኢሉ ከም ዝረኸቦን ኣብ መዓልታዊ ናብራኡን ከመይ ኢሉ ክጥቀመሉ ጀሚሩን ዝገልጽ ኣይኮነን። ብኸመይ ጀሚሩ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝተፈላለየ ግምት ክወሃብ ይከኣል እዩ። እንተ ወሓደ ኣብ ኣእሙሮና፡ ብዋዒ ናይ ጸሓይ፡ በርቂ፡ እሳተጎመራ፡ ምኽንያቱ ዘይፍለጥ ባርዕ ጫካታት... ወዘተ. ብቐሊሉ ክመጽኡና ይኽእሉ ይኾኑ። ብኸመይ ረኺቦሞ ዝብል ሕቶ ካብ ግምት ዝሓልፍ መልሲ ክርከቦ ኣይተኻእለን። እንተኾነ ጥቕሚ ሓዊ ምስ ፈለጡ ካብ ጫፍ ናይ ሽዑ በላሕቲ መሳርሒታቶም ቍልዒ ሓዊ ብምፍጣር፡ ወይ ክልተ ድኑቕ ዕንጸይቲ ብምፍሕፋሕ ባዕሎም ዝፈጥሩሉ መገዲ ምሂዞም።

ሓዊ ሓንሳብ ምስ ተፈልጠ ዝበለጸ፡ ኣገዳሲን ጠቓሚን ኣገልጋሊ ወዲ-ሰብ እዩ ኰይኑ። ብርሃንን ምቑጸትን ክህቦም፡ መግቦም ኩብስለሎም፡ ዘሸግሩዎም ኣራዊት ክሳጐገሎም፡ ሓጺን እናምከኸ ኣጽዋሮም ኩዳሉወሎም፡ ኣብ ናብራኦም ዝሕግዞም ካብ ሓመድ ዝስራሕ ዝተፈላለየ ካይላ ኩዳልወሎም፡ ወዘተ. ክኢሉ። ሓዊ ዝፈጠሮ ለውጢ ከኣ ዝያዳ ክስልጡኑ ሓጊዙዎም።

**መዓልታዊት ጋዜጣ**

**ኣሰናዳኢ**
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ኤደን ዘርኢጋብር

## common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብቱደጋጋሚ ዝርኣዩ ጌጋታት

**MISUSED FORMS**

### THE USE OF WRONG TENSE

1. Wrong Sequence of Tenses.

Don't say: He asked me what I am doing.

Say: He asked me what I **was** doing.

When the verb in the principal clause is in the past tense, only a past tense can be used in subordinate clause.

NOTE. But this rule does not apply:

(1) to verbs within quotations

(2) to facts that are true all times

(3) to comparisons

Thus we say:

- He said, "I am waiting for your answer."
- He said that Asmara is a great city.
- He liked you more than he likes me.

2. Using "shall" or "will" instead of "should" or "would" in a subordinate clause.

Don't say: He said that he will come tomorrow.

Say: He said that he **would** come tomorrow.

"Shall" and "will" changes to "should" and "would" in subordinate clauses, when the verb in principal clause is in a past tense.

3. Using "may" instead of "might" in a subordinate clause.

Don't say: He told that he may come today.

Say: He told me that he **might** come today.

"May" changes to "might: in subordinate clauses, when the verb in the principal clause is in the past tense.

NOTE. The conjunction "**that**" is never preceded by a comma.

4. Using "can" instead of "could" in a subordinate clause.

Don't say: He thought he can win the prize.

Say: He thought he **could** win the prize.

"Can" changes to "could" in the subordinate clauses, when the verb in the principal clause is in the past tense.

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH



"Isn't the principal a dummy!" said a boy to a girl.

"Well, **do you know who I am?**" asked the girl.

"No." replied the boy.

"I'm the principal's daughter." said the girl.

"And **do you know who I am?**" asked the boy

"No," she replied.

"Thank goodness!" said the boy with a sign of relief.

FANY JOKES!

Aryam and Biety
Warsay Yikallo Sec. School - Sawa
source: jokes of school

"ልቢ-ወለድ ናይ ግድን ናብ ተኽእሎታት እዩ ዝጽጋዕ። ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን።"

- ማርክ ትወይን


መጥፋእቲ ሓዊ
202099
202260

ፖሊስ ዞማእከል
ፖ/ትራፊክ ዞማእከል)
120555

ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
152817

ማ.ቤ.ጽ. ፖሊስ ኤርትራ
127799









# "ኣይረሳዕኩምንኳ..."

ትማል፡ ኣብ መንገዶ ዕላል ሕሉፍና ክትከሕዲ ምስ በልኪ - ሕሉፈይ ገሪሩ ምርጋጸ ከሊኡኒ። ምቅርራብና ድማ የዳህልለኪ ከም ዘሎ ተገንዚበ። ሓቒሓይሽ ባዕለይ'የ ንኹሉ ኣምጺአዮ። ግን ኸኣ ከምዚታት ክበዝሕ ከሎ፡ 'ኣይረሳዕኩምን'ኮ' እንተበልኩኺ ጽቡቕ'ዩ። ብውሑዱ ምስ ካልእኪ ከም ድላይኪ፡ ምሳይ ግን ክትገብርዮ ዝደሊ ከም ዘሎ ኣይትረስዒ! ስለዚ ይቕረ'የ ኢለልኪ እምበር ተግባርኪ ኣይረሳዕኩምን። ይቕረ ዝበልኩልኪ ድማ ንዓይ ክጥዕመኒ ጥራይ'ዩ። እቲ ይቕረ ዝበልኩልኪ ተግባራትኪ ግን እንህለ

**

ዓርቢ። ሽዑ መዓልቲ እንታይ ከም ዝሓሰብኩ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ እቲ ምኽንያት እውን ኣይፈልጦን። "እመጽኣኪ ኣለኹ" እንክይበልኩ'የ ናባኺ ኑቒለ። ትዝክርዮ ደኣ ትኹኒ እምበር ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ናይ ምሸት ደዊለልኪ ነይረ። ንስኺ 'ሰለችዩኪ' ከም ዘሎን ካብ ገዛ ክትወጽኢ ከም ዘይትደልይን ሓቢርክኒ። ኣነ ኸኣ ስራሕ ከም ዘምሰኪ ነጊረኪ። መሬት ምስ መሰየ ንገዛይ ክብገስ ምስ በልኩ፡ ሓደ ካብ መሳርሕተይ መስዩኒ ኣሎ'ሞ ንገዛ ዘይተብጽሓኒ ምስ በልኒ መኪናይ ኣልዒለ። ኣመና ኣይመሰየን - ካብ ስራሕና ግን ንገዛኡ ክብጽሕ ዘኽእሎ መጕዓዝያ ክረክብ ግን ዝጥዕም'ውን ኣይነበረን።

ኣብ መገዲ እናሃለና ኸኣ ኣብ ናይ ትራፊክ መብራህቲ 'ደው' ንብል እሞ ኣብ ሓንቲ ቀቅድሜና ዝነበረት ማኪና ንስኺ ምህላውኪ ተዓዚበ። ክልተ ሰብ ዝነበርኩማ መኪና። ዓይነይ ክኣምን ኣይከኣለን። ኣብ ገዛ ኣለኺ ኢለ እናሓሰብኩ፡ ኣብ ከተማ። ብዝኾኑ፡ ሰብ እቲ ክርእዮ ዝድሊ'ዩ ዝርኢ። ብዓቢኡ 'ከም ድላይኪ' እምበር ከም ድላየይ ኩኒ እውን ኢለኪ ዘይፈልጥ

ምስ ምኳነይ መገደይ ክቕጽል ወሲነ። ውሽጠይ 'ሰዓብ' እናበለኒ - ሓቅን ጥንስን ግን ከዊልካ ኣይከወልን እዩ። ክልቲኡ መዓልቱ ሓልዩ እናወሰኸዩ ዝኸይድ እምበር ኣይነእስን እዩ። ስለዚ ንውሽጠይ መሊኹ፡ ስምዒተይ ተቋጺጺረ ክቕጽል ነይሩኒ።

ውሽጠይ ከይረገአ ኸኣ ንዓርከይ ኣብጺሐዮ፡ ክምለስ ወሲነ። ኣብ ምምላሰይ፡ እታ ዝነበርክያ መኪና ኣብ ሓደ ጸላም 'ደው' ኢላ ምህላዋ፡ ወዝቢ ዝፈልጥኩዎ እዩ ነይሩ። 'ናንክ!' ናይ ሓሙሽተ ደቒቕ ፍልልይ ኣይኩነን ነይሩና፣ ካብታ ዝርኣኽኪ ቦታ።

መብራህቲ መኪና ኣጥፊአ ኸኣ ናብቲ ንድሕሪት'ውን ዘይትርእዩሉ ዝነበርኩም ቦታ ጽግዕ ኢለ። ተሌፎነይ ኣውጺአ ኸኣ ደዊለልኪ - ደሃይኪ ንምግባር። ፋልማይ ጻውዒት ኣውጺእኪ ጥራይ ኢኺ ርኢኺያ - ኣይመለስክን ከኣ። ምእማን ስኢነ - እትረፍ ደዊለልኪ ምቕባል ክትኣብዩ፡ ደዊልክለይ ዘይትርብርቢ ምንባርኪ ኣይትርስዕዮን ኢኺ። ደጊመ - ኣብ ገዛ ኣለኹ ደቂሰ ኢልክኒ። ቀጺልኪ ኸኣ ኣብታ መኪና ይኹን። እትፍቅርን እትኣምኖን ኩሉ ነገርካ ዝሃብክዮ ሰብ 'ክሕሱ' ከሎ ካብ ምርካብ ዝኸፍእ እንታይ'ዩ እሞ ክህሉ ዝኽእል?

ኑብሰይ ንኽእምና ከኣ ኑቲ ብዓይነይ ዝርኣኹዎ ንነብሰይ ኣመኽንየልኪ። ካብኡ ንድሓር ኣብኡ ኰይንካ ምጽባይ ትርጉም ስለዘይነበሮ ከኣ መኪና ኣልዒለ ኣብታ ልምድቲ መፋነዊት ቦታና ኰይነ ክጽበየኪ መሪጸ።

ተፈሲህኪ እናሰሓቕኪ መጺእኪ። ተንበርኪኹ ኢደኪ ክስዕም በዘን ኣዒንተይ ርእየዮ ከብቕዕ ኣይኣመንኩን። ለካ ሰብ ኑቲ ክርእዮ ዝድሊ እዩ ዝርኢ። ኣይጸንሐን ተፋንዩኪ ምስ ከደ ኸኣ ኣርከብ ጸዊዐኪ - ሰንቢድኪ። ኢሂናይ ደኣ ኸ ዘይስንብዱ?!

"ሕጂ'የ ወጺአ፡ ሓደ ናይ ቀደም መማህርተይ መጺኡኒ'ስ ምስኡ ከዕልል ጸኒሐ" ኢልክኒ። ሓሶት - ኣርባዕተ ነጥቢ።

"ጽባሕ ክንዘራረብ ኢና" ኢለኪ ተፋላሊና፡ ሽዑ ምዝርራብ ትርጉም ስለዘይነበሮ። ፍቕርና ክቕጽል እንተኾይኑ፡ ብንጽህና ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ክንዛረብ ነይሩና። ከምኡ ገይረ - ተጋግየ ኢልክኒ። ይቕረ ከኣ ኢለልኪ። እዚ ኣይረሳዕኩምን፡ እናዘከርኩምን እናተሳቐኹሉን ክኣብር ስለዘይደሊ ከኣ'የ ይቕረ ኢለልኪ።

ሎሚ፡ ንኹሉ ዝሓለፈ ኣብ ውሽጠይ ቀቢረ እንተቐረብኩኺ፡ ዝረሳዕኩዎ ከይመስለኪ። ንስኺ'ውን ነዚ ሕሉፍ ብቓላት "ከምዚ ዶ ከምቲ ዶ" እናበልኪ ክትቅይርዮ፡ ካልእ መልክዕ ክትህብዮ ኣይትሕሰቢ። ንዓይ ከኣ በቶም ንነብስኺ ክትእምንያ ዝመረጽክዮም ቃላት ክተእምንኒ ኣይትድለዩ። በደልኪ'ዩ እዚ - በዲልክኒ ኢኺ። ምኽንያቱ በቲ ዝሃብኩኺ እምነተይ ስለዝተጻወትኪ።

"ንእሽተይ'የ ነይረ" ዝብሃል የለን። ንጥልመት ንእሽቶን ዓብን ምኳን ኣይድልዮን እዩ። ዘይእሙን ንምኳን መምዘኒኡ ዕድመ ዘይኰነ ባህሪ'ዩ። ስለዚ ኣብ ፍቕሪ 'ምእዋድ' ኣሎ እንተኾይኑ፣ ዝእውደኪ ሰብ ኣነ ጥራይ'የ ክኸውን ዝኽእል።

ግደ ሓቂ ንዓኺ ኣይኰንኩን 'ይቕረ' ኢለልኪ። ንነብሰይ'የ ይቕረ ኢለላ። ንነብሰይ፡ መዝገብ ሕማቕ ተግባራትኪ ንኸትከውን ስለዘይፈቐድኩላ። ግን ኣይረሳዕኩምን።

ቅንዩ ኢልኪ ከምኣ ደጊምኪ። ኣብ ሓደ ከባቢ፡ ምስቲ ናይ ፊልማ ሰብ። ሽዑ'ውን ሃንደበት'ዩ ኑብሰይ ነጊሩኒ ናብቲ ዝነበርክዮ ቦታ መጺአ። ደዊለልኪ - "ገዛ ኣለኹ" ኢልክኒ። መኪና ናብቲ ንስኺ ዝንበርክዮ ቦታ ምስ ኣብርህኩ ከኣ መስስ ኢልኪ መጺእክኒ። 'እዝኒ ንዋና - ጓና' ከም ዝብሃል፡ እቲ ዝንገረኒ ዝነበረ ኩሉ ሽዑ ክርእዮ ክኢለ። ክኣምኖ ግን ኣይደለኹን።

ሓንሳእ ዝተጋገየ ሰብ፡ ካልኣይ ጌጋ ንኸይደግም ይጥንቀቕዩ - እዚ ግን ኣባኺ ኣይነበረን። በቲ ትገብርዮ ዝነበርኪ ተግባራት ክትብልኒ ዝደለኺ ካልእ መልእኽቲ ዝነበረ ኰይኑ ተሰሚዑኒ።

ሽዑ ኣመና ኣምሪረ ተዛሪበኪ ተባሂሉለይ ያኢ'ስ "ይበዝሓኪ ኣሎ" ጥራይ እየ ኢለኪ። ሽዑ'ውን ኣይተሓለልኩን - ይቕረ ኢለ። ይቕረ ምባለይ ንዓኺ ድኻመይ ኰይኑ ተርዲኡኪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣነ ግን ይቕረ ንምባል ምኽኣለይ ንባዕሉ እቲ ዝዓበየ ሓይለይ ኰይኑ እርዳኣኒ። ምኽንያት "እስከ ይቕረ በለሉ ንኽሱዩ" ዝብሃል ፈተና እንተዝመጽእ፡ ክንደይ ሰብ እዩ እሞ ዝኽእሎ።

ብዓቢኡ ፍቕሪ ኣራኺቡና ክንሱ ብበደል ክንፈላለ ኣይጽቡቕን'ዩ። ብዝኾኑ፡ ኣነ ንዓኺ ይቕረ ክብለልኪ ከለኹ ንስኺ ከመይ ትርድእዮ ነይርኪ ሓሲበሉ'ውን ኣይፈልጥን'የ። ኣነ ግን ጽቡቕ ይስምዓኒ ነይሩ። ሓዳግ ምኳን ዶ ነካስ ምኳን ይሓይሽ - እንተደሊኺ ንነብስኺ እምበር ንዓይ ኣይትመርጽለይን ኢኺ። ሓዳግ ምኳን'የ መሪጸ። እዚ ግን ዝርሳዕ ኣይኰነን።

ኣብቲ ክዝከር ዘለዎ ግዜ ዝዝከር እምበር፡ ዝድርብ ዝኸሪ ኣይኰነን። ሕጂ ሎሚ "ክኢለዮ" ኢልኪ፡ ቃላትኪ ኣይትዝረውለይ። ኣፍኪ ዘዘሃበኪ፡ ዝመስለኪ ዘረባ ኣይትጕሓፍለይ - ጓሓፍ ተግባራትኪ ዝጸርኩዎ ከይኣክል ቃላትኪ ኣይትወስኽለይ። ይቕረ'የ ኢለልኪ እምበር ተግባራትኪ ኣይረሳዕኩምን።

ገሊኦም ሰባት፡ 'ልቢ ከም ብኬሪ'ዩ ሓንሳእ እንተተሰይሩ ክዕረ ኣይክእልን'ዩ' ይብሉ። ገለ ካልኦት ከኣ 'ልብን ሳዕርን እናሓደረ ይብቁል' ይብሉ። ኣነ'ውን እንተተመሳሰለይ ክሳዕ ልብኺ ዝብቁል ተጸቢየ። ናትኪ ልቢ ግን ካብታ ዝፈልጠኪ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ኣይበቐለን - ስለዚ ልቢ ኣይብቁልን'ዩ። ልቢ ከም ብኬሪ'ዩ ምባል ይምረጽ ማለት'ዩ።

ይቕረ ኢለልኪ ኸኣ ናብቲ ልሙድ ህይወትና ቀጺልና።

ሳልሳይ ሳዕ - ሳልሳይ ጥልመት ኣብ ልዕለይ ገይርኪ። ናይ ጥልመት ግራትኪ ቀይርክኪ። ምሉእ መዓልቲ፡"ሓሚመ'ለኹ ኣይወጽእን'የ" ከም ዘይበልኪ፣ ኣብ ጐልጐል ተርይዕኪ ምምሳይኪ ብዓይነይ ርእየ። ኣኺለሽዑ።

ይቕረ ኢለልኪ ግን ከኣ ነገራት'ውን ዘብቀዐ መሲሉ ክርኣየኒ ጀሚሩ ስለዝነበረ፡ ኑቲ ናይ 'ቀደም መማህርትኺ' ጸዊዐ ሓቲተዮ። ዓርከይ'ያ ኢሉኒ - ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ኣዕሩኽ ነይሮምኺ። ከምቲ ዝኣምኽኩዎ ኰይኑ፡ ሓቅን ጥንስን እናገዘፉ'ዮም ዝኸዱ።

ንዓኺ ጸዊዕና ኸኣ ኣመሳኺርናኪ - መልሲ ኣይነበረክን። 'ዓይኒ ኩዳዕ ንባዕ!' - ንብዓትኪ ንኽልተና ክወስድ ዝኽእል ውሕጅ'ዩ ነይሩ - ኣብ መንደቕ ተጸጊዕና ስለዝነበርና ጥራይ'ዩ ኸኣ ጊዲፉና ዝኸውን።

ይቕረ ኢለልኪ - ኣምሪጸኪ ኸኣ። ኩሉ ኣብ መደምደምታ በጺሑ። እዚ'ዩ ሕሉፍኪ - ዝያዳ! ሰላም እንተብልኩኺን እንተኣዕለልኩኺን ሕሉፍኪ ረሲዐ ከምዛ ሓዲሽ ሰብ ዝተላለኹ ኮይኑ ይስመዓኒ ማለት ኣይኰነን። ኩሉ'ቲ ንኽልንትናይ ዘዕነወ ተግባራትኪ፡ ብዕለትን ሰዓትን መዓልትን እዝክሮ እምበር። ከመይ ዘይዝክሮ - ኣይከፈለሉ እንደየ።

በጃኺ ኢለኪ - ቃላት ተሰሊምኪ ኣይትቕረብኒ። ቃላት ስልማት ኣይኰነን። ሰብ፡ ሰብ ዘብሎ ቃላቱ ጥራይ ኣይኰነን፡ ተግባራት'ዩም ምስክር። ዋላ ድሕሪኡ'ውን ካልኦት ጌጋታት ገይርኪ ኢኺ። ካልኦት በደላት'ውን በዲልክኒ ኢኺ። ግን ይቕረ ኢለ'ልኪ - ንዓኺ ዘይኰነ'ስ ንዓይ ክጥዕመኒ።

ንስኺ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት - በዲልካኒ እትብልዮ ከምዝየለ ዝተኣማመኑ እዩ። ሕጂ፡ እናሓንሳእ "ኩሉ ዝሓለፈ ረሲዐዮ'የ - ከምኡ ክገብር ኣይዝከረንን'ዩ"፡ እናሓንሳእ "ሽዑ'ኮ ከምዚ'የ ሓሲበዮ"...፣ እናበልኪ ንሕሉፍ ክትቕይርዮ ኣይትደከሚ። ይኸፋእ ይጽብቕ - ሕሉፍ ሕሉፍ'ዩ። ተጋጊኺ ኢኺ፡ በዲልክኒ'ውን ኢኺ - ሕልፍን ልዕልን ኩሉ ንነብስኺ ኢኺ በዲልኪ። እንተ ኣነ ይቕረ ደኣ'የ ኢለ'ልኪ እምበር ሕሉፍኪ'ስ ኣይረሳዕኩምን።

እዚ ባዕልኺ ዘምጻእክዮ'ዩ እምበር ክዛረበሉ'ውን ኣይደልን'የ። ሰብ'የ እቲ ሰብ ክግብሮ ዝኽእል ገይረልኪ ኣለኹ - ኩሉ'ቲ ዝዘራእክዮ ምዕጻድኪ ግን ኣይተርፍን'ዩ!

# ምኽሪ ሰንበት



## ረሃጽ ብኸመይ እከላኸሎ?

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፣ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

*ሕቶ፦ ሃሩር ይሃሉ ኣይሃሉ ብቐጻሊ'የ ዝርህጽ። ጻዕዳ እግረይን ኢደይን፡ ትሽቱሸይ፡ ገጸይ ... ካብቶም ብቐጻሊ ዝርህጹ ክፋላት ኣካላተይ እዮም። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ሰባት ወጺአ ክዛረብ ኣብ ዝፍትነሉ እዋን፡ ሽዓ ንሽዓ ብትሽቱሸይ ረሃጽ ወረር ወረር ኪብል እስምዓኒ። እግረይ'ውን ብሰንኪ ረሃጽ፡ ብቐጻሊ እዩ ዚሽትት። ዘዝገበርክዎ ክዳን ብረሃጽ ክጥልቂ እንከሎ'ውን ጽቡቕ ኣይስምዓንን። ጠንቂ እዚ ኩሉ ሽግር እንታይ ኪኸውን ይኽእል? ብኸመይከ ካብ ብዙሕ ምርሃጽ ክገላገል እኽእል?*

መሓመድ ኣማን - ዓዲ-ቐይሕ

መልሲ፦ ብዙሓት ሰባት፡ ብዙሕ ምርሃጽ ከም ሓደ ዓቢ ጸገም ገይሮም ይወስድዎ እዮም። እንተኾነ፡ ኣዝዩ ንቡርን ኣብ ብዙሕ ሰብ ኪጋጥም ዚኽእልን ምኳኑ ኸኣ ክበርህ ይግባእ። ምርሃጽ፡ ሙቐት ሰብነትና ኣብ ምህዳእን ምዕቃብን ዓቢ ተራ እዩ ዚጻወት። ገለ ሰባት'ውን ኣብ ዚሓርቁሉን ዚፈርሑሉን ግዜ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዘጋጠሞም ወጥሪ፡ ብዙሕ ይርህጹ እዮም። ምኽንያቱ፡ ምፍጣር ኣሉታዊ ስምዒታት ነቶም ጽክታት ርሃጽ ከምዝነቓቕሑ ስለዝገብርዎም።

ብሓፈሻ፡ ምርሃጽ ገለ ካብ ምልክታት ጉብዝና እዩ። ኣብ ግዜ ጉብዝና ወይ ግርዝውና፡ ኣካላዊ ለውጢ ከነርኢ ንጅምር እሞ፡ ሚልዮናት ጽክታት ረሃጽና ኸኣ ይነቓቕሑ። ምንቕቓሕ ናይዞም ጽክታት ከኣ'ዩ ብዙሕ ከም እንርህጽ ዝገብረና። እዚ ረሃጽ እዚ፡ ምስ'ቶም ኣብ ቈርበትና ኪጸንሑ ዚኽእሉ ባተርያ ምስ ዚሕወስ ከኣ ሕማቕ ሽታ ኪፈጥር ይኽእል። ንኣብነት፡ ጻዕዳ እግርና ንርስሓት ቅሉዕ ብምዃኑ፡ ብቐጻሊ ምስ እንርህጽ፡ እቲ ረሃጽ ምስቶም በቲ ርስሓት ኪፍጠሩ ዚኽእሉ ባክተርያ ተሓዊሱ ኣዝዩ ሕማቕ ሽታ ኪፈጥር ይኽእል እዩ። ክብደት ናይቲ ሽታ ግና ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ።

ምእንቲ'ዚ፡ ካብ ምርሃጽ ምግልጋል ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ ነዞም ዚስዕቡ መባእታዊ ምኽርታት ግና ክንክተል ይግባእ፦

- ቀቀልጢፍካ መላእ ሰብነትካ ምሕጻብ
- ኣእጋርካ መዓልታዊ ብውሕዱ ክልተ ግዜ ምሕጻብ
- መዓልታዊ ካልሲኻን ጫማኻን ምቕያር
- ክፉት ሳእኒ ወይ ከኣ ካብ ቈርበት ዝተሰርሐ ጫማ ምዝውታር
- ናብ ነብስኻ ልግብ ዚብል ማልያ ምውዳይ'ውን ካምቻታትካ ብረሃጽ ካብ ምጥልቃይ ከገላግል ይኽእል እዩ።
- እንተ ተኻኢሉ ብዙሕ ከም እትርህጽ ዚገብሩ ቀመም ዝበዝሖም መግብታት ምውጋድ።
- ረሃጽ ብቐሊሉ ከርእዩ ዚኽእሉ ካምቻታት እንተ ዘየዘውተርካ እውን ካብ ስክፍታ ከገላግለካ ይኽእል እዩ። ብመጽናዕቲ ከም ዝተበጽሐ፡ ንኣዝዮም ዚርህጹ ሰባት፡ ጻዕዳን ጸሊምን ካምቻታት እቶም ዝተመርጹ ምኳኖም ይንገር።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እግርኻ ብቐጻሊ ዚሽትት እንተ ኾይኑ፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ካብ ምርሃጽ ዘገላግሉ መድሃኒታት ምውሳድ ይከኣል እዩ።

ኣብ መወዳእታ ክንብለካ እንደሊ፡ ስለእትርህጽ ጥራይ ብዙሕ ክትሰክፍ ከም ዘይብልካ እዩ። ርሃጽ ተፍጥሮኣዊ ውህብቶና ብምኳኑ፡ ምንም ከሰክፈካ የብሉን። ደሓር ከኣ ተሰኪፍካ ኣብ ተብሎ ከም ዘይብልካ ክበርሃልካ ይግባእ።

# በዓል ወደአ

መበል 96 ክፋል



ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er

“ኣነ እዚ ትብሎ ዘለኻ ፈጺመ ክድግፎ ኣይክእለኩን” ኤርሳኖስ ካብ ልቢ ሓሪቑ እናዝረረ መለሰ፡ “ሰብ ክቡር ምኳኑ ፍለጥ። እዛ ጓል ዘለዋ ጸገም ክኣኽለ'ምበር ካልእ ተወሳኺ ጸገም ክትፈጥረላ ኣይትተሃንደድ።” ኣእዳው እናወናጨፈ'ዩ ዝዛረብ ነይሩ። ንሓሳብ ቢንያም ብኸሉም ስምዒት ህዋሳቱ'ዩ ክጸርፎም ዝደሊ ነይሩ።

“ስለምንታይ ግን ከምኡ ገይርካ ትሓርቕ ኣለኻ?” ቢንያም ቀው ኢሉ ጠመቶ። “ካብኡ ንላዕሊ ኣነ ይቕርታ ማሰለ።”

“ኢታ ወዲ ከምኡ ኣይትበለኒ!” ኣጓጠጠሉ። “ኣነ ካብ ሓቂ ዝበልጽ ቀረብ ክህልወኒ ኣይደለኹን'ዩ። ቁሩብ ኣይትሓፍርን! ሕማቕ ክትገብር ስለ ዘይተሓብኩ'ኻስ ኣነ ይቕርታ ክትብለኒ።” ብኽቱር ሕርቃን ኣናፉ ስለ ዝነፈተ ዝስሕቕ ዝበረ ማሰለ፡ “ጓል ሰብ ክትብድል ኣነ ከፍቅደልካ ኣይትጸበየኒ።” ንጹር መልሲ ሃበ።

“ከምርዓዋ'የ እብለካ ኣለኹ። እንታይ ኢኻ ቁሩብ ክትርድኣ ዘይትፍትን።”

“ኣይትምርዓዋን ኢኻ! ኣብ ልዕሊኣ ዘለካ ስምዒት ዝፈልጥ ብምኳኑ ክትምርዓዋ ኢኻ ዝበልካ ትጸበት ዩብለይን። ስለዚ'የ ድማ ኣብዚ ኣምጺአያ ዘለኻ ሓሳብ ክሰማማዕ ዘይከኣለኩ።”

“ኣብቲ ፈለማ ክንላለ እንከለና ሓቂ ይሓዩሽ የፍቅራ ኣይዓበርኩን። ደሓር ግና ስምዒተይ ይቕየር ምንባሩ ንሰኻ'ውን ዘይትኽሕዶ ሓቂ'ዩ። ሕጂ ድማ ከምርዓዋ'የ እብለካ ኣለኹ።”

“ኣነ ድማ ኣይኣምነካን'የ እብለካ ኣለኹ።” ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዝተጻዓረ ክትዕ ኣብ ሓደ መዕለቢ ከይበጽሐ እየም ክልተ ኣዕሩኽ ዘረባ ከም ዘደከሞም ብሓባር ሰቕታ መረጹ።

“ኣነ ከም ዓርክይ መጠን'የ ክሕብረካ ጸኒሐ። ምናልባሽ ምስምማዕ ካብ ሰኣና ግና ምስ ካልኦት ኩይነ ሓሳበይ ክፍጽም ዝግዳዘኒ ከም ዘለ ክሕብረካ እደሊ።” ተመኪሑ።

“ሕራይ!” በለ ኤርሳኖስ ብልቡ እናሓንሓነ።

“እንታይ ደኣ ትሕንሕነለይ ዘለኻ ትመስል?” ስምዒት ዓርኩ ዝተረደአ ቢንያም ግምቱ ገለጸ።

“ንሰኻ ሓሳብካ ጥራይ ክትፍጽም ተበጊስ። ኣነ ድማ ንመርሃዊት እንታይ ተሓሳብላ ከም ዘሎ ሓብረ ናብ ቦታ ቁጸራ ከም ዘይትመጽእ ክነግሮ'የ።”

“ክንበኣስ ዲኻ ትደሊ ዘለኻ?” ቢንያም ዓቕሉ ዝተጸንቀቐ መሰለ፡ “ከምርዓዋ'የ እብለካ ኣለኹ። እንታይ ገይረካ'የ ኣንጸረይ ትዕጠቕ ዘለኻ? በጃኻባ ግደፈኒ። እመኒ ክምርዓዋ'የየየየ።” ነታ ናይ መውጽኢታ ፈደል ስሒቡ ቃሪዩ። “እንተደሊኻ መጽሓፍ ቅዱስ ክጠቕዓልካ እኽእል'የ።”

“ከምኡ እንተገይርካ ክኣምነካ'የ።”

“ሕራይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምጽኣለይ።”

***

“እንታይ ኢኺ ትብሊ?” ሚልኪያስ ካብ ሕጽይቱ ዝሰምዖ ሓድሽ ሓበሬታ ግንፍል ከም ዝበል'ዩ ገይርዎ። “መዓስ'ዩ ከምኡ ዝበለኪ?”

“ሚኪ!” በለት ኣዛር ናይ ሕጹያ ሕርቃን ዝዘጻበዮቶ ብዘይምንባሩ ሰክፍታ እናተሰምዓ። “ክትሓርቕ ኢለ ኣይኮንኩን ዝነገርካ ዘለኹ። ግና ከም ሕጹየይ መጠን ዚጋጠመኒ ክትፈልጦ ኣሎካ። ካብ ሕጂ ንደሓር ሓደ ኣካል ኩይና ስለ ዘለና ጸገመይ ክትፈልጥ ጸገምካ ክፈልጥ ኣለኒ። ከምኡዶ ኣይኮነን?”

“ኖእ! ተግባሩ'ዩ ዘሕርቐኒ ዘሎ። እንታይ ኣሕሊፉልኪ፡ ደኣሉ ከንጥጥልኪ ዝፍትን። ድሕሪ ሕጂ ሰበይተይ ምኳንኪ ክርደኦ ከኽእል ኣለዎ። ደጊሙ እንተደዋለልኪ ጥራይ ንገርኒ። ተግባሩ ብሕጊ ክሕትቶ ከም ዝኽእል እንተዘይፈለጠ ክንተሓላለዝ ምኳንና ይፍለጥ።” ብምባል ፈኸራ ኣሰምዐ።

“ንሰኻ እንክለኻስ ዝጉብሮ የብሉን” በለት ኣዛር እቲ ጉዳይ ናብ ረብሓኣ ክትቅይሮ እናፈተነት። “እቲ ዘሸገረኒ ምስ ከይዳኻ'ዩ ክሽውን ዝኽእል።”

“እንታይ ዘሸግር ኣሎኪ?” ገጹ ኣሲሩ ሓተታ። “ትብዖት ንኽረኽበ ዱል ኣይትሃብዮ። ዝኾነ ነገር እንተኢሉኪ ብቕልጡፍ ንፖሊስ ሓብሪ። እንታይ'ዩ ክተፈራርሕ ምፍታንኪ?”

“ኣብኡ ዘኣቱ'ሞ እንታይ ኣሎና ኣንታ ሚኪ! ንሰኻ ጥራይ ቀልጢፍካ ኣሳልጠለይ። ካብዚ ዓዲ እንተወጺአ ኣብይዶ ክረኽበኒ'ዩ” ቀደሚ ግብረ መልሲ ምህቡ ስምዒቱ ካብ ገጹ ከተንብብ ጠሚታቶ።

“ኣዛር ንሱ ምስ ግዜ ዝሓውን'ዩ። ኣነ ዝበለኪ ዘለኹ ግና ብዝዕባዚ ወዲ ሰክፍታ ኣይሕደርኪ። ሕግን ስርዓትን ስለ ዘሎ ኣብኡ ጥራይ እመኒ።” ኽልዓሉቶ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ጉስይ ኣቢሉ ምሕላፉ ንሕጽይቱ ኣይተዋሕጠላን።

***

“እንታዋይ ኢኻ ንሰኻ?” ሲናይ ግርጭ ኢሉ ሓተተ። ሃንደበት'ዩ ኣብ ሞባይሉ ተደዊልዎ። ዝደወለሉ ሰበ'ውን ዝፈልጦ ኣይኮነን። ድሕሪ ንኣፍቃሪቱ ዘጋጠማ ጸገም ረዕዲ ተሰሚዕዎ ንዘኹሉ ሰብ ይኣምን ኣይነበረን። “ስማ ንገረኒ!” ሽዑ'ውን ጨደረ።

“ኣንታ እንታይ ኢኻ ኴንካ?” እቲ ምስኡ ዝበረ ሴም ብሰክፍታ እናጠመቶ ሓተተ። “እንታይ ዘሕርቕ ኣሎካ'ሞ? ሞባይልካ ዓጺኻ ሰቕ ዘይትብል!” መዓደ። ሲናይ ድማ ንዓርኩ ሰሚዑ ሞባይሉ ዓጸወ።

“ኣንታ ወዲ ኣብ ጭንቀት እምበር ተሸሚመ።”

“እንታይ ኢኻ ኴንካ?” ዓርኩ ጉዳዩ ክፈልጥ ሓተተ። ሲናይ ከይመለሰ ንገለ ካልኢታት ብጭንቀት ክሕመስ ተራእየ። “ኣንታ ዝኸሩንዮ ዘይትዋገረኒ!” ብዘዋጥር ዓርኩ ሓረቐ።

“እንታይ እሞ ፈለጠ ወደይ! ንሰኻ ዲኻ ዓርኪ. ሰልዮና ዝበል ሰብ ክድውለለይ ጸኒሑ። እንታይ ትብሎ እዚ? እዛ ጓል እዚኣ ካብ ፈለማ ክትተርፈኒ ዝበሩ'ያ።” ጣዕሳኡ ገለጸ።

“ኣንታ ንሱ ጉዳያ እንዶ ናይ ሕጂ ንዛረብ። እንታይ ንምባል'ዩ ሓቲቱካ?”

“ረኣየ ሕጂ'ውን ይደውል ኣሎ።” ሞባይሉ ናብ ሴም እናቕረበ ሓበሮ።

“ሃባ ባዕለይ ክረኽቦ'የ።” ሴም ካብ ኢድ ዓርኩ ሞባይል ተቐበሎ፡ “ሄለው. . .መን ክብል?” በለ ህድእ ኢሉ። “መን ክብል እሞ? . . .ብዛዕባ እንታይ ኢና ክንራኸብ?. . . . ክንራኸብ እንተኾንና ድማ ፈለማ መን ምኳንካ ክፈልጥ ክኽእል ኣሎኒ። . . . ካብ ዝኾነ ምጃእ ፈለማ መንነትካ ሓብረኒ። . . ፈሊጥካዶ ኣይኮንካን ትድውል ዘለኻ። . . . ካበይናይ ዓዲ? . . . . . ደሓን ንገረኒ እንዶ። . . ጀርመን እንተኢልካ እኹል'ዩ። ስማዕኒ? . . . ስለምንታይ ግና ሰማ ምንጋር ኣፍሪሑካ? . . . . ጸገም የለን ክመጽኣካ'የ። ሰዓት ክንደይ ከም ዝጥዕመካ ጥራይ ሓብረኒ” ሴም ኣብ ሞባይል ክዛረብ እንከሎ ዓርኩ ተጨኒቑ ይጥምቶ ነበረ። “ሕራይ ክመጽኣካ'የ፡ ቻው!” ሴም ሞባይል ዓጽዩ ንዓርኩ ጠመቶ። “ንሱ'ዩ ክሽውን ዘኽእል።” በለ ድማ ሃንደበት።

“መን ኢታ! ሳዶር?” ልቢ ሲናይ ተመሸተት። ሰይጣን ኣብ ቅድሚኡ መጺኡ ደው ዝበለ'ዩ ዝመስሎ ነይሩ። “ኣንታ ብልብኻ ዲኻ?” ሓቂ ከረጋግጽ ሓተተ።

“እንታይ ኢኻ ኣንታ! ማዕረ ክንደዚ ሓሞትካ ዝፈሰሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?” በለ ሴም ናይ ዓርኩ ሰንባደ ከም ዘበረሞ ኢዱ ኣጣሚሩ እናጠመቶ። “ክንራኸብ ቆጺረዮ ኣለኹ።”

“ተጸሊልካ ዲኻ?'' ኣዒንቱ ኣፍጢጡ፡ “ኣነ ፈጺመ ኣይከይደን'የ” በለ ቅልጥፍ ኢሉ ፍርሑ ክሓብእ እናፈተነ።

“እንታይ ኩይኑ ኢልካ? ሰብኣይ እኳ ኢኻ። ደሓር ድማ ሰልዮና ክትፈልጥ ከም ዘይኩኑት የረጋግጸልካ። ፊት ንፊት ምርኻብ ጸቡቕ'ዩ። እንታይዶ ክዝብረካ'ዩ? ሰብ ዘይገብሮ ስለ ዘይገበርካ ብሓባር ክንኸዶ ምኻና ፍለጥ” በለ።

“ኣነ ኣይከይደን'የ እብለካ ኣለኹ። ከይደ እንታይ ክብሎ ትደልየኒ ኣለኻ? ክትከዶ እንተደሊኻ ንሰኻ ዓርኪ. ሰልያን ምኳንካ ሓብርካ ከዶ።”

“ክትከዶ ኢኻ እብለካ ኣለኹ። ትም ኢልካ ዘይከውን ኣይትግበር!” ብኣስገዳዲ ክወስዶ ምኳኑ ሓበሮ። “ኣነ ኣለኹ ምሳኻ ሰግኣት ኣይሕደርካ።”

***

“ኣነስ ቀደሚ መርዓና ጀርመን እንተዝርኢያ ደስ ምበለኒ። ብድሕሪኡ መጺእና'ውን ክዝምርያ ንኽእል ኢና። ከምኡ ትሓስቦዶ ሚኪ!” ኣዛር ዝጀመረቶ ዕላል ክተዕሙቖን ሓሳብ ሕጹያ ክትሰምዕን ትብዕ ኢላ ርእይቶኣ ገለጸት።

ሚልኪያስ እቲ ተጠዋወዩ ናብቲ ባህ ዘይብሎ ኣርእስቲ ዝወሰዶ ዘረባ ካብ ልቢ. ከተሓስቦ ጀመረ። መርዓ ክሓስብ እንከሎ ብዙሓት ፈተውቱ ‘ደቀስመራ ንወጻኢ ዝወሰዳ ኣእጋር ዝያዳ ከሉ'የን ዘፍቅራ፣ ኣብ ዝደለይኦ ምስ በጽሓ ግና ምስጊዕ'ምበር ፍቕሪ ልቢ ዝልግሳ ኣይኮናን።’ ኢሎም'ዮም። ናይ ኣዛር ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዝደጋገም ዘረባ ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ዝሰምዖ ሓረግ'ዩ ኣረጋገጸሉ።

“ኣዛር፡ ጀርመን ንምብጻሕ እቲ መንገዲ ከቢድ እቲ ዝሓለፉ ወጻኢታት'ውን ብዙሕ'ዩ። ኩሉ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ሰብ ክምርዖ እንከሎ ድማ ሓዳር ክንብር'ምበር ናይ ሰዳት ህይወቱ እተቐጽል ጓለንስተይቲ ንምምጻእ ኣይኮነን። ኣኔ ‘ምስ ተመርዓና ጠቕሊልካ ናብ ዓድና ክትመጽእ ኣለካ’ ክትብልኒ'የ ዝጸበየኪ። ኣኸሊና ኣብ ሰደት ክንነብሲ ዲኽን ትደልዩና ዘለኽን?” ደስ ከም ዘይበሎ ብዝሕብር ቃና መለሰ።

“ከም ዓድኻ ከም ዘየለ እፈልጥ'ዩ። ግና ድማ ቁሩብ ክሳብ ንምዕባልን ትካል ከፊትና መናብርና ንሕዝ'ን ወጻኢ. ሕማቕ ኣይኮነን ክብል'የ ደልየምበር ባህጊ ናይ ወጻኢ. ሃልዩኒ ኣይኮነን።” ከይፈተወት ንሕጹያ ከተሐጉስ ኣንጻር ባህጋን ስምዒታን ተመጻደቐት።

ልባ ግና ሰንባዲ መሊእዎ ነበረ። ከም ምጽኦታ እንተኸውኑ ከይተመርዓወት ጀርመን ክትረኣ'ያ ትደሊ። ንሱ እንተዘይተረኸቡ ድማ ድሕሪ መርዓኣ ከይደንጎየት ኣወርጂ ክትበጽሕ። ሚልኪያስ ግና ንኹሉ ምጽኦታ'ዩ ከምክኖ ርእዩዎ። ኣብ ኣስመራ ምስ ወ/ሮ ሮማ ክትነብር ፈጺማ ትደልዮ ኣይኮነትን። ‘ከይመጻዩ ዝቀወ ዝበኣ. . .’ እያ ኢላታ ኣይኣ።

“እንተኸዶይኑለይ ቅድሚ መርዓና ጠቕሊለ ዓደይ ክኣቱ'ዩ መደበይ” ስምዒታ ክፈልጥ ዝበሎ ዝበረ'ዩ። እምበር ከምኡ ክነብር ሓሳብ ኩነ ተበዮኦ የብሉን። ምኽንያቱ ኣብ ዓዱ መናበሪ ክኸውኖ ዝኽእል ንብረት ዘጥሪ ዓቕሚ ፕዝዞብ የብሉን። ግና ንእሰቶት ዘይጸገበ ብምኳኑ ኣብ ተጠራጣሪ ሕሰቡ ቁጉጥሮያን ዘለውኦ።

ኣዛር ድሕሪ'ቲ ዝሰምዓቶ ተሰፉኣ ዝቐበረ ዘረባ ኣካለ'ምበር ኣእምሮኣ ምስ ሚልኪያስ ኣይነበረትን። ጣዕሳኣ እናሓሰበቱ'ያ ምስ ኑቡስ ትመሻኸር ነይራ። ኣብቲ ኢጋጥሚ ድማ ናይ ቢንያም መርገም ኣብ ኣእዛና ደወለ። ‘ኣምላኽ ሓሳብ ልቦኺ. ኣየሰምርዮ!’ ብምባል'ዩ ረጊምዋ። ንሰኡ ምስ ዘበረት ንበዮት ክስዕራ ደለየ። ‘ዋይ ኣነ! መፍቶ ቢንያም ክሽውን ማለት ደዩ’ ዝያዳ ከሉ ዘሕሰበ ጉዳይ ቢንያም'ዩ። ክሳብ ኩራርምቱ ዝርኣ ክስሕቃ ምኳኑ'ያ ትፈልጥ። “እንታይ ደኣ ሰቕ ኢልኪ?” ግብረ መልሲ. ዘይሰምዐ ሚልኪያስ ትዕዝብቱ ኣብ ወሽጡ ገይሩ ሓተታ። ‘ወይ ኣዋልድ ኣስመራ!’ በለ ዘረባ ሕጽይቱ እናኰማሸዐ። ‘ኩልና በብረብሓና ኢና ተራኺብና ማለት'ዩ። ንኣተን ወጻኢ. ዘሰግረን ክረኽባ ንሕና ድማ ኣምሳያ እተን ምሳና ዘለዋ ማዕረና ዝዛረባን ዝሰርሓን ደቀንስትዮ ክንረክብ፡ ክልተ ጎራሓት ሓሙኸሹቲ ሰንቶም ዝበሃል ዛንታ'ዩ እዚ።’

“ሰቕ ኢለ ደየ?” በሉቶ ተወሳኺ. ሕቶ ከየሰዓብ ንምፅንታፍ። “እቲ ዝበልካዮ ዓቕሚ ኣለካ እንተኸዶይኑ ጸቡቕ'ዩ። ግና ብኸሉ ወገኑ ክትሓስበሉ ዝግበኣ ከኣይኑ ይሰመዓኒ። ኤርትራ ኾ'ያ ዘሎ። ኩሉ ሰብ ኣብ ኣገልግሎት ከም ዘሎ ኣስተውዕል። ኣገልግሎት ድማ ንኹሉ ይምልከቶ'ዩ - እንተላይ ንዓኻ።” ክተርዕዶ'ያ ሓሲባ፡ ክልተ ካብ ሚእቲ ከም ዝሽፍል'ዩ ደጊሙ ሓብርዋ። ንሳ ግና እኹል ከም ዘይኩነ ክተረድኦ ደልያ።

“ከም ዝምልከተኒ እፈልጥ! ንዝርካ ምግልጋል ድማ ዘሸርዕ እምበር ዘርዕድ ኣይኮነን።” በለ ቅልጥፍ ኢሉ ቃና ናይ ዘረባኣ ንምስባር። “ሰርሸስ ኣብ ኩሉ ሃገር ኣሎ”

“ናትና ግና ፍልይ ዝበለ'ዩ።”

“ኩናት ስለ ዝመጸ መንእሰይ ኣብ ደፋዕ ከም ዘሎ እፈልጥ። ምናልባሽ ክሳብ ሕጂ ሽዱሽተ ዓመት ኩይኑ ይኸውን'ዩ። እዚ ግና ምስ ሓደጋ ዝመጸ'ምበር ጸባሕ ክህሉ ኣይኮነን።” ተሰፉኡ ገለጸሉ።

“ካልእ ነዕልል በጃኻ!” ጸን ኢላ ክትሰምዖ ኣይከኣለትን። ምኽንያቱ እቲ ዘረባ ኣንጻር ዊንታኣን ስምዒታን'ዩ ነይሩ። ወጻኢ. ዘይወሰዳ እንተኸዶይኑ ፍቕርን መርዓኡን ክተርፉ'ያ ትመርጽ። ካልእ ስለ ዘለዎ ዘኩሽ ዝኣመት ኣሚናኣ'ያ መሪጻቶ። ‘ኣስመራ ብኣስመርኡ ደኣ ንቢንያም ዘይመርጽ። ንሱ ዝምረጹ ምኽንያት እንታይ ምኳኑ ይፈልጥ ደዩ'ምበር! ዘይሓፍር ተቦኣጺ!’ ደኒያ ስለ ዘይፈጸመላ ኣነኣሰሰ። ‘ካልእ ይትረፍ ተሰፉ'ኳ ኣይህበንን!’ ቀው ኢሉ ክጥምታ ምስ ጀመረ ደማ'ያ፡ “ጀርመን ጽቡቕ ዓዲ ደዩ?” ዝበል ሕቶ ዘቕረበትሉ።

“እወ ጽቡቕ ዓዲ'ዩ። ሰብ እንተሰሪሑ ዓዱ የጸብቐን የማዕብልን'ዩ። ጀርመናውያን ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም ኩሉ ዝበርዎ'የም ኣጥፊኦም። ድሕሪኡ ግና ውግእን ወረ ውግእን ጎዲፎም ብዘይተገላቡት ንእራሕ ስለ ዝተበበሱ ንጅኦም ኩይናም ሰደተኛታት'ውን የዕቁቡ ኣለው።”

ኣዛር ትሰምዖ ዝበረት ኣይትመስልን። ሓሳብ መርከብ ኩይኑ ናብ ርሑቕ መኻ የንሳፍፉ ነበረ። ካብ ተሰፉ ዘይብሉ ናይ ሚልኪያስ ዕላል ብናይ ሓሳብ ማዕበል እናተጓጨወት ምቕጻል መረጸ ነበረት።

“እንታይ ደኣ ቅጭ ዝመጻኣኪ ትመስሊ?” ካብ ኩታታ ተበጊሱ ሓተታ። ኣብ ገጻ ናይ ኩራ ስምዒት ደርኢ. ምንባሩ'ዩ ዝኣምን።

“ኣይኩረኹን፡ ግና ኩሉ ነገራትካስ ተሰፉ ዝህብ ኣይኮነን።”

“ከመይ?” በለ ገራምዎ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ።

“ስድራይ ንወጻኢ. ከም ትወስደኒ'የም ዝኣምኑ ዘለው። ንሰኻ ግና ከም ዘርእየካ ዘለኹ ካልእ'ዩ ሓሳብካ። ስለዚ. እዚ ጉዳይ ትሕብሮ ዘለኻ ስድራይ'ውን ክፈልጥዎ ስለ ዘለዎም ኣይይደንገኻ ሓብሮም።”

“ደሓን እሕብሮም!” በለ ኣብ ገጻ ዝርኣዮ ዝበረ ኩራ ኣስኪፍዎ እናተጠንቀቐ።

ይቕጽል



# ኣብዝግትን

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

## ብርሃን ንጥረ ነገር ደዩ ወይስ ማዕበል?

ብርሃን ንጥረ ነገርን ማዕበልን ንምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን። ክልቲኡ ባህርያት ሓዚ'ዩ ዝርከብ። ንኣብነት ክንዓዝዞ እንኽእሎ ናይ ማዕበል ባህርያት የንጸባርቕ። ምኽንያቱ ብውሑዱ ንውሓት ማዕበል (wave length) ኣለዎ። በቲ ካልእ ወገን ክፍና (ክወጽእ) ወይ'ውን ክፃእ (ክሰተ) እንኽእሎ ድማ ናይ ጥረ ነገረ ባህርያት'ዩ ዘርኢ። ናብቲ ዝዓልቦ (ዝወድቖ) ኣካል፡ ናህሪ (momentum) ንጸዓት ስለ ዘመሓላልፍ።

ፎቶን እቲ ዝኣሰ(ዝተሓተ) ተደላዩ ዓቐን ናይ ብርሃን'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ብርሃን ካብ ፎቶን ብዝኣሰ ዓቐን ክቕወም (ክህሉ) ኣይክእልን'ዩ። ካልእሲ ይትረፍ ፍርቂ ፎቶን ብርሃን ዝበሃል ነገርን የለን። ኣብ ሓደ ፎቶን ዝርከብ መጠን ጸዓት ብርሃን ብዓቐን ናይቲ ብርሃን ድግግም (frequency) ወይ ድማ ንውሓት ማዕበል'ዩ ዝውሰን።

## ቻርልዝ ቴሮን



ቻርልዝ ቴሮን ሓደ እዋን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝበረት ኣደኣ ዝሰደደቶ ቼክ ብገንዘብ ክተውጽኦ ኣብ ሓደ ባንኪ ሪጋ ሒዛ ነበረት። እንተኾነ ግን ሪጋኣ በጺሑ ነቲ ተሓዚ ገንዘብ (teller) ቼክ ምስ ኣቕበለቶ እቲ ዝሃቦ ቼክ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ብምሕባር ገንዘብ ከምዘይትረክብ ኣቕበጾ። በዚ ዝሓረቐት ቻርልዝ ነቲ ተሓዚ ገንዘብ ዝበቕዕ መሳጢ ድራማዊ ምንቅስቓስ ዝተሓወሶ ሃንደበታዊ ናይ ሕርቃን ምርኢት ኣሰሚዓቶ ተበገሰት። ዕድል ክትጉብር ግን ደድሕሪኣ ተሰሪዑ ዝነበረ ሰብ ወኪል ናይ ሞያ ተዋስኦ'ዩ ነይሩ። በቲ ዘርኣየቶ ስምዒት ዝትንክፍ ምንቅስቓሳ ስለ ዝተማሰጠ ከኣ ቀረቡ ክዛራርባ ተገደደ። ብኡ ንብኡ ድማ ነቲ መናበሪኣ ዝኾነ ሞያ ተተሓሓዙዎ። ዋላ'ኳ ድሒራ ነቲ ዝቖጸራ ወኪል ብሰንኪ ዝሰደላ ዝበረ ከም በዓል showgirls ዝኣመሰሉ ንሳ ዘይትደልዮ ናይ ፊልም ድርሰታት ጸሊኣ እንተ ሰጎጎቶ፡ በቲ ንሱ ዘጀመራ ግን ግኡን ስም ዘለዋ ሱ ጥበበኛ ክትከውን በቕዐት።

## መሳጢ ትርኢት መራኽብ ኣፍላግ



እዚ ኣብ ሰኣሊ ዝረኣናዮ ዘሎ ቦታ ኣብ ጀኔቫ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ናይ ሮንን ኣርቨን ዝተባህሉ ክልተ ኣፍላግ መራኽብ (confluence) እዩ። ኣብ ጺጋማይ ሸነኽ ዘሎ ፈለግ ሮን ኸኸውን እንኽሎ እቲ የማናይ ከኣ ፈለግ ኣርቨ'ዩ። እዚ ዳሕረዋይ፡ ካብ'ቶም ኣብ ሰንፔሮ ቻምኒክስ ዝርከቡ ኣኻውሕ በረድ (glaciers) ዝወርዱ ንኣሸቱ ውሒዝ'ዩ ዝምንጩ። ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ ተጓዒዙ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ከተማ ጀኔቫ ምስ ፈለግ ሮን ቅድሚ ምርኻቡ ድማ፡ እቲ ተሸኪሙዎ ዝመጽእ ደብዒ ኣብ መንጎኦም ክልተ ኣፍላጋት ንዘሎ ፍልልይ'ዩ ዘርእየና።

## ብዝዩ ሓሶ ካብ ስራሕ ዝተሰናበተ ሰብኣይ

ሓደ ከይ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ኣብ ፓልም ቢች ፍሎሪዳ ካብ ዝሰርሓሉ ትካል ሕክምና ዕረፍቲ ሓቲቱ ኣብ መገሻ እንከሎ ኣብቲ ዝኸዶ ዓዲ ብርቱዕ ህቦብላ (hurricane) ብምግጣሙ ከሉ በረራታት ስለ ዝተሰረዘ ኣብ እዋኑ ናብ ስራሕ ክምለስ ኣይከኣለን። ስለዚ ብተሌፎን ደዊሉ ጸገሙ ክሕብር ተገደደ። ብዘኾነ መንገዚያ ረኺቡ ናብ ስራሑ ክበጽሕ እንከሎ ቀዳመ ሰንበት ኣርኪቡ ጸኒሑ። ከይ ግን ቀዳመ ሰንበት ኣኺሉ ኢሉ ኣብ ግዜኡ ከፍ ክበል ኣይመረጸን። ኣብ ክንዲኡ ነቲ ዝሓለፈ ናይ ስራሕ ሰዓታት ቀዳመ ሰንበት ብምስራሕ'ዩ ክትክኦ ወሲኑ። ይኹን እምበር ከይ ንግሆ ምስ ኣተወ 'ካብ ስራሕ መጥፈእኻ ምኽንያት ብተሌፎን ይኹን ብኣካል መጺእካ ስለ ዘይሓበርካ ከሰናብተካ ኢና ተገዲድና። ዝ ሓገዝካ ዘሎኻ እብረ ጥራሕ ስራሕ' ተባሂሉ። 'ተሌፎን ደዊሉ ጸገሙ ከም ዝሓበረ እንተገለጸ'ም ከኣ ንመን ኢኻ ትዋገር ደኣ?' ዝበል ንሕቶኡ ብሕቶ ዝምልስ ተረር ግብረ መልሲ እዩ ተቐቢልዎ። ስም እታ ዝበረ'ውን ተሓቲታ፡ 'ንሰኻ ኣይመሰልካንን' ዝበል መስደመም ዘረባ'ያ ኣሰሚዓ። ከይ ብተግባራት ኣሰራሕቲ ከም ዕቡድ ስለ ዝተሰርሐ ነታ ዝጀመራ እብረ ክውድኣ'ኳ ከይዐለ ናይ ሰንበታ ደብዳብ ጽሒፉ ኣብ ጣውላ ናይቲ ሓላፊ ደርብዩ ተዓዚሩ።

## ተንጠልጣሊት ልቢ ሐሰይኒ



እዚ ቢንቶ እዚ ኣብ ፓኪስታን ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ኣዝዮም ሓደገኛታት ድልድላት እቲ ዝኾነ ምዃኑ'ዩ ዝንገር። እቲ ዝርከበ ግን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ፓኪስታን ብዙሓት ተመሳሳሊ ሓደገኛታት ድልድላት ምህላዎም'ዩ። ናብ ከተማ ራዋልፒንዲ (ሰሜናዊ ምዕራብ ካብ ከተማ ሳህርያ ትርከብ) ዝመላለሱ ብዙሓት ፓኪስታናውያን ዓበይቲ ኣኽራናት ሰንጢቖም ሸንከለል ዝበዝሖ ትዕግስቲኻ ዘወድእ ነዊሕ መገዲ ተጓዒዞም ዝጸሓሉ ነይሮም። ኣብ 1978 ግን ካራኮርም ተባሂሉ ዝፍለጥ ጎደና (high way) ስለ ዝተሰርሓሉ እቲ ዞባ ምስ ዝተረፈ ክፋላት እታ ሃገር ክራኸብ ክኢሉ። ይኹን'ምበር ናይ ወሸጢ እቲ ዞባ ጸገም ግን ሕጂ'ውን ኣይተፈትሐን። ናይ ቅድሚ 100 ዓመት ጥንቡብ መጓዓዝያዩ'ዩ ዝጥቀሙ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብዚ ዞባዚ እቲ ዝውቱር ኣገባብ መጓዓዝያ ነዩም ካብ ኣኽራናት ሰሜናዊ ፓኪስታን ዝወርዱ ውሓይዝ ሰንጢቖም ዝሓልፉ ነዊሕ ዝበሉ ልሕሉሓት ናይ ገመድ ተንጠልጠልቲ ቢንቶታት ተጠቒሞም ዝግበር ካብን ናብን ምንቅስቓስ'ዩ። ሓደ ካብዞም ልሕሉሓት ናይ ገመድ ቢንቶታት እምበኣር እዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ቢንቶ ሐሰየን እዩ። እዚ ቢንቶ እዚ በዕቱ ዝተባህለ ቀላይ ዝሸፍኖም ኮይኑ እቲ ገመዱ ነዊሕን ብዙሕ ጸገ ዘይግበረሉ'ዩ። ብቑጽሪ ብርክት ዝበለ ርብራብ ሊሕ መጥሊቒ ናብቲ ቀላይ ወዲቖም ክበሉ እቲ ሊሕ ክትትኣ (ክጸገን) ኣይከኣልን'ዩ። ሰብ እናተሳገረ እንከሎ ብርቱዕ ንፋስ ምስ ዝንፍሕ እቲ ቢንቶ ልክዕ ከም ሰለል ናይ ቈልዑ የማ ጸጋም ክወዛወዝ ንርኢ'ዩ።

ኣብ ጎኒ እዚ ቢንቶ እዚ ኣራት ዝተበትከ (ዝተሰበረ) ናይ ቅድም ቢንቶ ተንጠልጠሉ ስለ ዘሎ ንፍርሕኻ ዘጋድድ እንተዘይኮይኑ ዝሕጉስ የብሉን። ዘይተፀምቲ ሓደኛ ትርኢቱ ግን ቢንቶ ሐሰየን ብዘዋግዲ ውሑስን ማስሕብ በጻሕትን ኮይኑ ኣሎ። ተጓዓዝቲ (hikers) ከኣ እቡ ተጠንቂቖም እንክሰገርዎ መዐዛኒ ትብዕቶም ኮይኑም ኣሎ።

## ናይ ጆሪያ፡ ናብ ደንሽ ዝተለወጠ ቈልዓ

ኣብ መጋቢት 2000 እዩ። ኣብ ማይዱጉሪ ዝተባህለት ከተማ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይጀርያ ናይ እትርከብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሰለስተ ተማሃሮ፡ ልቦም ወትፉ ወትፍ ክሳብ ዝበሎም እናኸደዩ ናብ ቤት ጽሕፈት ዳይሬክተር ቤት ትምህርቲ ብምእታው፡ ሓደ መማህርቶም ካብ ሓደ ሓላፊ መንገዲ ከረሜላ ድሕሪ ምቕባሉ ናብ ያም (ኣትባ ዝመስል ዓይነት ድሽን) ከምተለወጠ ሓበሩ። እታ ዳይሬክተር ብወኻ ነቲ ቀንዲ ምንጪ ናይ'ቲ ዘም ዝኾነ ዓር ደንሽ ብጥንቃቐ ክምርምር ስለዝበርዐ ናብ ፖሊስ ኣረከበቶ። ብመሰረት'ቲ ሽዑ ዝተፈነወ ዜና፡ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ህዝቢ ነቲ ደንሽ ክርእዩ ናብ'ቲ ቦታ ተጓይዮም ዓጕጊ። ፖሊስ ድማ፡ ነቲ ከረሜላ ኢሉ ሽሑራዊ ደንሽ ዝሃቦ ሰብ ኣብ ምህዳን ተዋፈሩ። እቲ ዘሕዝን ግን እቲ ጉዳይ ኣብ ምንታይ ከምዝዓለበ ብሚዲያ ዘይምቕልሑ እዩ።

## ልዕለ ፍጥነት ከዋኽብቲ



ዝጠዘለ ሰብ ከም ዝርድኦ ተወንጨፍቲ ከዋኽብቲ (shooting stars) ናብ ሃዋህው ወይ ከባቢያዊ ኣየር (atmospher) ዝውርወሩ በረርቲ ከዋኽብቲ (meteors) ኣዝዮም ግዙፋት ናይ ጋዝ ሃልሃልታ ኩዓሳቱ ምዃኖም'ዩ ዝፍለጥ።

ኣብ ማእከል ናይ ሓደ ጋላክሲ (እኩባት ከዋኽብቲ) ዝርከብ ስርዓት ምዃኖም'ዩ። ከምኡ እዩ ከኣ እቲ ሓቂ። የጉዳስ ናይ ብሓቂ ተወንጨፍቲ ከዋኽብቲ ከምዝለዉ ዝፈልጥ ሰብ ኣዝዩ ሒደት'ዩ። ስሁ ፍልጠተኛታት ድማ ልዕለ ፍጡናት ከዋኽብቲ (hypervelocity stars) እናበሉ ይጽውዕዎም። ብተፈጥሮኦም፡ ብምልየናት ማይላት ዝቖጸር ርሕቀት ኣብ ሰዓት ናብ ሃዋህው (space) ዝንቀቱ ድርብ ኮኾብ (binary star system)፡ በቲ ኣዝዩ ብርቱዕ ስሕበታዊ ሜዳ ዘለዎ ዓርሞሸሽ ጠፈራዊ ኣካል (supermassive black hole)፡ ክውሓጥ እንከሎ፡ ሓደ ካብኦቶም ድርብ ከዋኽብቲ ብኡ ንብኡ ይበርስ። እቲ ካልኣይ ኮኾብ ግን ብልዑል ፍጥነት ይንጸግ። ዝ. ንምርዳእ ኣርባዕተ ዕጽፊ ናይ ጸሓይና ዝገዝፉ ናይ ጋዝ ኩዕሶ ንውሰድ። እዚ ብዝዩ መጠን ግዙፍ ናይ ጋዝ ኩዕሶ'ዚ፡ ኣብ ሰዓት ብሚልየናት ማይላት እናተሓምበበ ካብ ጋላክሲ (ጸባዊ መንገዲ) ክወጽእ እንከሎ'ዩ ድማ ልዕለ ፍጡን ኮኾብ ዝበሃል።

## ንኣፍልጦ

ኣብ ጃፓን፡ ተመሃሮ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ራብዓይ ክፍሊ ክሳብ ዝበጽሑ ፈተና ዝበሃል ነገር ኣይወስዱምን'ዩ። ደቂ 10 ዓመት ክሳብ ዝኣኽሉ ምዃኑ'ዩ። ምኽንያቱ ዕላማ ናይተን ቀዳሞት 3 ናይ ትምህርቲ ዓመታት፡ እቲ ተማሃራይ ክሳብ ክንደይ ፍልጠት ሐዚ'ሎ (ተማሂሩ'ሎ) ብምግምጋም ዘይኮነስ ጽቡቕ ባህርይ ብምህናጽ ናይ ገዛእ ርእሱ መለለዩ ጠባይ ንኽጠሚዕብል ዝሕግዝ ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ዝዓለመ'ዩ።





# "ኣብ ዓለም እቶም ዝምህዙ ወይ ዝሰንዑ ካልኦት'ዮም እቶም ዘፍርዩ ከኣ ካልኦት"

መንእሰይ ክብሮም ዑቕባዝጊ

መንእሰይ ክብሮም ዑቕባዝጊ ኣብ 1990 ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ተወሊዱ። ናይ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ኣስመራ ቤ/ት ማይተመናይ ማእከላይ ደርጃ ኣብ ቤ/ት ዋርሳይ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኣስመራ ሓፈሻዊ ድሕሪ ምክትታል ኣብ መበል 22 ዙርያ ሃ/ኣ ንምስታፍ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና 3.6 ነጥቢ ብምርካብ ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ብዓውዲ ኤሌክትሪካል ኢንጂኔሪንግ ተማሃራይ 5ይ ዓመት 'ዩ። ክብሮም ኣብ ምህዞን ሰንዓን ብምንጣፍ ዝተፈላለየ ስርሓት ኣብ ምብርካት ይርከብ። ምስኡ ዝገበርናዮ ዕላል እንሆ።

**• ኣብ ምህዞን ሰንዓን ክትሳተፍ ዝደረኸካ ወይ ጽልዋ ዝፈጠረልካ ኩነታት እንታይዩ?**

- ብንእሽቶይ ከለኹ ኣብ ኤለክትሮኒክስ ዝሳተፉ ሰባት ክርኢ ከለኹ እምሰጥ ነይረ። ኣብ ገዛ ዝኾኑት መሳርሒት ክረክብ ከለኹ ብኸመይ ከም እትሰርሕ ንምፍላጥ ህንጡይነት ነይሩኒ። ነዚ ዝተዓዘቡ ወለደይ ከኣ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ኣብ ኖብል ኣካዳሚክ ሰርቪስ ናይ ክረምታዊ ትምህርቲ ኤለክትሮኒካዊ ጽገና ኣእትዮሙኒ ናይ ኣርባዕተ ወርሒ ኮርስ ከኣ ወሲደ። ካብዚ እዋንዚ ጀሚረ ከኣ ንኣሽቱ ናይ ሰንዓ ስርሓት ክፈታትን ጀሚረ።

**• ድሕሪኡኸ?**

- 9ይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቅኑ ፌስቲቫል ተማሃሮ ሓንቲ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ምስ በጽሐ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝሀሉ ሰብ ናይ ድምጺ ሓበሬታ እትህብ ሰንዓ ንምርኢት ኣቕሪበ። ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ ወለደይን መምህራነይ ብዝረኸብኩዎ ምትብባዕ ዝያዳ ክሰርሕ ድርኺት ፈጢሩለይ። ኣብ 2006 ከኣ ክልተ ሰንዓታተይ ኣቕሪበ፡ እታ ሓንቲ ብካርድ እትኽፈት ማዕጾ ፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ ኣውቶማቲክ ኮይና ሰብ ምስ ቀረበ እትክፈት ማዕጾ እያ።

**• ነዚ ክትሰርሕ መወከሲኻ እንታይዩ ነይሩ?**

- መጻሕፍቲ ብብዝሒ እውክስየ። እዛ ኣውቶማቲክ ሰብ ምስ ቀረበ እትኽፈት ማዕጾ ግን ኣብ ኣስማራ ፓላስ ምስ ረኣኹዋ'የ ክሰርሓ ፈቲነ። ብኸመይ ኮን ትሰርሕ ትኸውን? ኢለ ክሓስብ ጀሚረ። ምስታ ኣቕዲመ ፈቲነያ ዝነበርኩ ማለት ምስ ተረግጸት ድምጺ እተስምዕ ሰንዓ ብምውህሃድ ከኣ ኣብ ክንዲ ድምጺ ማዕጾ ከም እትከፍት ጌረ ሰሪዐያ። ኣብ 2006 ከኣ ኣብ ኤክስፖ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ፌስቲቫል ንምርኢት ኣቕሪበየን።

**• ካብ ተዓዘብቲ ዝረኸብካዮ ግብረ መልሲ ከመይ ነይሩ?**

- ብዙሕ ምትብባዓት'የ ረኺበ። ብፍላይ ኣብቲ እዋንቲ ነቲ ምርኢት ዝዕዘብ ዝነበረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነታ ብካርድ እትኽፈት ማዕጾ ከፊቱዋ ድሕሪኡ ኣገናዕ ኢሉ ኣተባቢዑኒ፡ ብርክት ዝበሉ በብእዋኑ ናብ ኤክስፖ ዝውሕዙ ዝነበሩ ነጋድያን'ውን ኣድናቖቶም እናገለጹ የተባብዑኒ ነይሮም።

**• ድሕሪ ምትብባዕም ከመይ ቀጺልካ?**

- ኣብ ፌስቲቫል 2007 ከኣ ኣርባዕተ ሰንዓ ሒዘ ቀሪበ። እታ ሓንቲ ኣውቶማቲክ ናይ ኮንዶም መሸጢት ማሽን ኮይና ነተን ኣቕዲመን ካብ ቻይና ዝመጻ ማንዋል ሸየጥቲ ኮንዶም ማለት እተን 0.50 ሳንቲም ኣእቲኻ ብኢድ ብምዝር ዝሰርሓ ዝነበራ ንምምሕያሸን ናብ ኣውቶማቲክ ንምቕያርን ዝሰራሕክዎ'ያ።

**• ካብተን ኣቕዲመን ዝጸንሓ ብኢድ ዝሰርሓ ሸየጥቲ ኮንዶም እዛ ሰሪሕካያ ዘለኻ ብዘይካ'ቲ ኣውቶማቲ ምዃና ካልእ እንታይ ብልጫ ኣለዋ?**

- ሳንቲም ኣይትቕርቅርን'ያ ብዘይካ'ዚ ነቲ ኮንዶም'ውን ባዕላያ እተውጽኦ። ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ'ውን ዓቢ ተቐባልነትን ብልጫን ረኺባ ቀዳመይቲ ኮይና ተሸሊማ'ያ።

**• ነዚኣ ክትሰንዕ ዝደረኸካ ምኽንያት እንታይዩ ነይሩ?**

- እቲ ድርኺት ዝፈጠረለይ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ማይተመናይ ሓንቲ ዱኳን ነይራትና። ኣብቲ እዋን'ቲ ብዙሓት መንእሰያት ኮንዶም ክገዝኡ ዝሹቐረሩ እዕዘብ ስለዝነበርኩ እዚ ኩነታትዚ ከተሓሳስበኒ ጀሚሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኮንዶም ከም ህዝባዊ ቴሌፎን ኣብ ጎደናታት ብቐሊሉ ክርከበሉ ዝኽእል ባይታ ንምፍጣር ተበጊሰ።

**• እዛ ኣውቶማቲክ ማሽን ኣብ ጥቕሚ ንኸትውዕል ብወገንካ ዝካየድካዮ ጻዕሪ እንታይ ኣሎ ? ወይስ ብኣ ኣቢላያ ሃጢማ?**

- ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ናብ E.S.M.G ከይደ ኣብ ሃገርና ብሰፊሑ ክትዝርግሓሉ እትኽእል ኣገባብት ተመያይጥና፡ ክሳብ ሕጂ ክሰልጥ ኣይከኣለን።

**• ብቓ?**

- (ሰሓቕ) ብወኸይ እቲ ዲዛይን ድሉው ኣሎ፡ ክምውል ዝኽእል ትካል ወይ ውልቀ ሰብ እንተተረኺቡ ተዘርጊሓ ኣብ ጥቕሚ ክትውዕለሉ ዘይትኽእል ምኽንያት የለን። ክሳብ ሕጂ ኣይደቀስኩሉን።

**• እቲ ጸገም ናይ ገንዘብ ድዩ?**

- ብዓቢኡ እቲ ፕሮጀክት ንውልቀ ሰባት ንምሻጥ ዘይኮነስ ብደረጃ ሃገር ንድሕነት ህዝቢ ምዃኑ ኣብ ግምት ኣትዩ ክምወል ኣለዎ። ህይወትሲ መተካእታ የብላን። ነዚ ኢልካ ተውጽኦ ወጻኢታት ከኣ መኽሰብ እንተዘይኮኑ ክሳራ ዘለዎ ኣይመስለንን። ብዓቢኡ ንድሕነት ስለዝኾነ።

**• ካልእ ከ?**

- እታ ካልኣይቲ ብሓምሳ ሳንቲም እትሰርሕ ናይ ቆልዑ መጻወቲት (GAME) እያ። ኣብቲ እዋንቲ ንቖልዑ ኣዘዩ መሳጢት'ያ ነይራ። እታ ሳልሰይቲ ናይ ሽጋርቲ መምተሪ ማሽን ኮይና፡ ብፍላይ ኣብ ውራያትን በዓላትን ነቲ ስራሕ ኣብ ምስላጥ ዓቢ ሓገዝ እትገብር'ያ። ድሕሪኣ ዝሰናዕኩዋ ብኤለክትሪክ እትሰርሕ መውቅዒ ሕልበት'ያ፡ ብዙሓት ኣዴታት ነዛ ማሽን ፈቲየንኣየን ።

**• ኣብ ፌስቲቫል 2008 ከ እንታይ ኢኻ ኣቕሪብካ?**

- ክልተ ስራሕ ሒዘየ ቀሪበ። ናይ ርግኣ መሕቆኼት ማሽንን ናይ ማይ ኣውቶማቲካዊ መቆጻጸሪ ሰርኪዩት እዚ ማለት ብሞተር ዝምላእ መዕቆሪ ማይ ብዘይ ሓገዝ ናይ ሰብ ኣብ ዝውድኣሉ እዋን ባዕሉ ይመልእ፡ ምስ መልአ ከኣ ባዕሉ ሞተር ተጥፍእ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ፍርቂ ምርኢት ማለት'ዩ ንሳዋ ተበጊሰ።

**• ኣብ ሳዋ ከመይ ቀጺልካ?**

- ኣብ ሳዋ'ኳ ኣብ ትምህርትን ታዕሊምን ጥራይ ኢና ኣድሚሪና ነይርና። ኣብኡ ኮይነ ዝሓሰብክዎ ከም መብራህቲ፡ ማዕጾ ናይ ገዛ ብናይ ርሕቀት መቆጻጸሪ ኣገባብ RF (REMOTE CONTROL) ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 ንምርኢት ኣቕሪበ። ናይ ክልተ ሰሙን ዕድሊያ ነይራትና። ኣብ ውድድር ምህዞን ሰንዓንውን ካልኣይቲ ኮይና ተሸሊማ። ድሕሪኡ ናብ ኮሌጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ብምእታው ናይ ኢንጂኔሪን ትምህርተይ ክከታተል ጀሚረ።

**• እቲ ናይ ሰንዓ ንጥፈታትካ ኣወንዚፍካዮ ዶ ወይስ ቀጺልካዮ?**

- ብዝሓየለ'ምበር ቀጺለዮ። ኣደነቦይ ኣብቲ ኮሌጅ ዝዕዘቦ ዝነበርኩ ገለ ጸገማት ንምቅላል እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ ኣዳራሽ መመገቢ ተማሃሮ ንዝነበረ ገለ ሕጽረታት ንምምሕያሽ ወይ ንምምዕባል ኣውቶማቲክ ናይ ሻሂ ማሽን ሰሪዐ ምስቲ ኮሌጅ ኮይነ ኣብ ፌስቲቫል 2010 ንምርኢት ኣቕሪበ። ብዘይካ'ዚ ኣውቶማቲክ ኮሲታሪት ሮቦት'ውን ሰሪዐ።

**• እታ ናይ ሻሂ ማሽን ዝበልካያ እንታይ'ያ ኣቃሊላ?**

- ቀዳማይ እቲ ናይ መመገቢ ካርድ ባዕላ'ያ ትቆጻጸር፡ ኣብ ርእሲኡ ምውዓይን ምዝሓልን ናይ ሻሂ ተቖጻጺራ ኣብቲ ዝድለ ዓቐን መቐት ዓቂባ ሻሂ ትዕድል 'ያ። ኣብ ፌስቲቫል 2011 ድማ BLUETOOTH REMOTE CONTROL ማለት ዝኾነ ኤሌክትሪካዊ መሳርሒ ብሞባይል ቴሌፎን ክትቆጻጸሮ እትኽእል ከም ምውላዕን ምጥፋእን ዝሕመሰሉ ንጥፈታት ትዓምም። ቀዳመይቲ ናይ ሃርድ ዌር ተዓዊተ ኮይና ከኣ ተሸሊማ።

**• ብዘይካ ኣብ ፌስቲቫል ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት እተቕርቦ ምርኢት ኣሎ ዶ?**

- ብቦርድ ምህዞን ሰንዓን ኣብ ኣርት ጋለሪ ዝቐርብ ዝነበረ ምርኢት ገለ ካብ ሰንዓታተይ ኣቕሪበ ነይረ።

**• ገለ ካብቲ ዘቕረብካዮ ?**

- ኣውቶማቲክ ናይ ገዛን ትካላትን ድሕነት (AUTOMATIC HOUSE AND COMPANY SECURITY SYSTEM) ኮይና፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ኣብ ውሽጢ ትካል ምንቅስቓስ ምስ ዘጋጥም ንኣብነት ሰራቒ ምስ ዝኣቱ፡ ድምጺ ትገብር መልሲ እንተዘይረኺባ ብቐጥታ ናብቲ ዋና ደዊላ ሓበሬታ ተመሓላልፍ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 2012 ኣብ ሳዋ ኣብ ዝተኻየደ ፌስቲቫል መንእሰያት ከኣ ዝሰናዕኩዋ ናይ ነተጉቲ ፈታሽት ሮቦት ንምርኢት ኣቕሪበ። እዚኣ እታ ቀንዲ ዝተንቀሳቐስናላ'ያ።

**• ከመይ?**

- ነታጉ ኩተውጽእ ኣብ ክንዲ እናተጻናጸንካን ንህይወትካ ንሓደጋ ብዘቃልዕ ኣገባብ ምጥቃም፡ ክሳብ 300 ሜትሮ ናይ ርሕቀት መቆጻጸሪ ተጠቒምካ በቲ ሮቦት ነተጉቲ ምፍታሽን ምርካብን ዘኽእል'ዩ። እዛ ሰንዓ እዚኣ'ውን ካብ ፕረዚደንት ኢሳያስ ጀሚርካ ብዙሓት በጽሒቲ ኣድናቖት ዝረኸበት'ያ። ቀዳመይቲ ኮይና ብምዕዋት ከኣ ተሸሊማ። ኣብ ኣስመራ ብቦርድ ምህዞን ሰንዓን ንዝያዳ ምዕባሌኣ ናብ ዓሻ ጎልጎል ተላኢኻ ኣብኡ ብዝሓየለን ዝያዳ ዝተመሓየሸን ኣገባብ ትሰርሕ ኣላ።

**• ኣብ ሞንጎ ኮሌጃት ኣብ ዝካየድ ፌስቲቫል ከ ትሳተፍ ዶ?**

- ኣብ ፌስቲቫል ኢንተር ኮሌጅ ሓንቲ ናይ WIRE LESS POWER TRANSFER PROJECT እዚ ከም ርኽበት ኣብ 2006 ኣብ ኣሜሪካ'ዩ ብተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ተረኺቡ፡ እዚ ቴክኖሎጂ ብዘይ ገመድ (WIRE) ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምምሕልላፍ ዘኽእል'ዩ። ነዚኣ'የ ኣብ ምርኢት ኣቕሪበያ። ኣሜሪካውያን ተመራመርቲ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክሳብ 2 ሜትሮን ፈረቓን ብዘይገመድ ክጥቀሙሉ ክኢሎም'ዮም። ንሕና ከኣ ኣብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ክሳብ 30 ሴንቲ ሜተር ክንጥቀመሉ ክኢልና ኣለና። ብደረጃ ሃገር ምትብባዕ እንተተጌሩ ምስኣቶም ክንወዳደረሉ ዘይንኽእል ምኽንያት የለን። እዛ ፕሮጀክት ኣብ ፌስቲቫል ኢንተር ኮሌጅ 2ይ ኮይና ተዓዊታ'ያ። ነዚ ቴክሎኖጂ ድሮ ትካል መፍረ ሞባይል ኖክያ ኣብ ጠቕሚ ኣውዒሉዎ ኣሎ።

**• ከመይ ማለትዩ?**

- ቻርጀር ኣብ ሞባይልካ ከይሰኻዕካ ብገመድ ኣልቦ ሞባይልካ ቻርጅ ክትገብር ትኽእል። ኣብ'ዚን LUMNIA ዝተባህላ ሓደስቲ ሞባይል ኣተኣታትየን ኣለዋ።

**• ዝበዝሕኩም ብፍላይ ኣብ ፌስቲቫላትን ካልእ ኣጋጣሚታትን ይዕበ ይንኣስ ሰንዓታትኩም እተቕርቡ መንእሰያት ቀጻልነት ዘለዎ ወይ'ውን ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ዝውዕል ስራሓት ክትፍርዩ ዘይትርኣዩሉ ምኽንያት ግን እንታይዩ?**

- ኣብ ዓለም እቶም ዝምህዙ ወይ ዝሰንዑ ካልኦት'ዮም እቶም ዘፍርዩ ከኣ ካልኦት'ዮም። ምኽንያቱ ነቲ ስራሕ ኣብ ተጠቃምነት ክተውዕሎ ወይ ክተፍርዮ እንተኾይንካ ገንዘብውን ትካላውን ሓገዝ የድሊ።

**• ትምህርቲኸ ከመይ ትቕጽል ኣለኻ?**

- ናይ መወዳእታ ዓመት ተማሃራይ ኤሌክትሪካል ኢንጂኔሪን'የ ዘለኹ፡ ስራሓተይ ወትሩ ኂ ኂ ትምህርተይ'የ ዘሰላስሎ። ኣብ ዓውዲ ELECTRICAL AND ELECTRONICS ENGINEERING ስለዘለኹ ንስርሐይ ሓጊዙ'ዩ።

**• ውልቃዊ ባህርያትካ ከመይዩ ማለትሲ ነብስኻ ከመይ ኢኻ ትግምግማ?**

- ከቢድ ሕቶ (ሰሓቕ) ኣነ ሓናኽየ ..ምስ ሰባት ቀልጢፈ ኣይላለን'የ። ካልእ ዝኾነ ወልፍታት የብለይን።

**• ብዘይካ'ዚ ካልእ ትዕዮ እንተሎ..?**

- እወ ኣሎኒ። ዳርጋ ዝናበረሉ ሞያ ኮ ምትካል ጸዓት ሶላር ማለት ሶላር ኢንስታይለሽን'ዩ።

**• ካልእ ክትብሎ ትደሊ?**

- ኣብ መወዳእታ ኣብ ስራሓይ ንዝተሓባበሩኒ ወለደይ፡ ስምኦን፡ ገብረልዑል ሓጎስንን ዲን ኮሌጅ ኢንጂነሪን ሳሚኤል ተወልደን ኣመስግን።

**• የቐንየልና**

* * *

ህዝባዊ ርክባት ሃማመተኤ



# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፋሃ

## ልኡልሰገድ - ዕዉት ኣህጉራዊ ዳኛ

ብ1972 ኣብ ከተማ ከረን ዝተወለደ ልዑልሰገድ ብንእሽቶኡ ከሎ ኣትሓዝ ኩዕሶ እግሪ ናይ ምጽዋት ባህጊ ስለዝነበሮ፡ ናይታ



ኣብ ከረን ዝማሃረላ ዝነበረ ቤት/ትምህርቲ ተሰሊፉ ይጻወት ነበረ። ብዘይካ'ዚ ዝኾነ ግጥሚ ኣብ ስታድዮም ከተማ ከረን ክህሉ ከሎ ብኣካል እናኸደ ይዕዘብ ነይሩ።

ኣብቲ ዝዕዞ ውድድራት፡ ኣብቲ እዋን ጸወታታት ዝመርሑ ዝነበሩ ዓብዩልከሪም የሱፍ ዝተባህለ ዳኛ፡ ጸወታታት ብብቑዓት ክመርሕን ውሳኔታት ኣብ ምሃብ ዘርእዮ ዝነበረ ትብዓትን ብፍሉይ ይምስጦ ስለዝነበረ፡ ሓደ እዋን ከምቲ ዳኛ ኮይኑ ጸወታታት ክመርሕ ናይ ወትሩ ባህጉን ድሌቱን ነበረ። ብኡ ዝተጸልወ ልኡል ሰገድ ኣብ ቤት ትምህርቱ'ውን ውድድራት ክቶቶድ ከሎ፡ ብዘተኮሶኡ ኮቶም መማህርቱ ዳኛ ኮይኑ ይመርሖም ነይሩ። ዝ ዘስተብሃለ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓላፊ ኮሚሽን ስፖርት ከተማ ከረን ዝነበረ ኣቶ ሃይለ ኣብርሃ ንልኡልሰገድ ናይ ዳኛ ስልጠና ወሲዱ ንሩዕ ዳኛ ክኸውን ከምዝኽእል ኣተባቢዖን ናብ ሞያ ዳንነት ክኣቱ ደፋፊኡን።

ልኡልሰገድ ብወከኑ ብቖደሙ'ውን ዳኛ ምዃን ድሌቱ'ዩ ነይሩ። ኣቐዲሙ ግን ኮርስ ናይ ዳንነት ክወስድ ስለዝነበሮ፡ ኣብ 1989 ናይ ቀዳማይ ደረጃ ኮርስ ዳንነት ወሰደ። ኣብ 1994 ልኡል ሰገድ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ምስ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሳዋ ወረደ። ኣብ ሳዋ ጎደኒ ጎደኒ ታዕሊሙ ኣብ ዝቶዩዱ ዝነበሩ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ከም ዳኛ ኮይኑ ዝተፈላለየ ጸወታታት ይመርሕ ነይሩ።

ኣብ ሳዋ ታዕሊሙ ምስ ዛዘመ፡ ናብ ከተማ ከረን ተመሊሱ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ከተማ ከረን ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኤርትራ እናኸደ ናይ ሰራዊት ጸወታታት ብብቕዓት ይመርሕ ነይሩ።

ልኡል ሰገድ ኣብ 2000 ኣብ ኣስመራ ብኢንስትራክተር ተስፉይ ጉብረያሱስ ኣብ ዝተዋህበ ናይ ፊደራል ዳኛ ትምህርቲ ድሕሪ ምውሳዱ፡ ኣብ 2004 ኢንተርናሽናል ዳኛ ማዕረግ ወሰደ። ብድሕሪ'ዚ ዓቢዩቲ ኣህጉራውን ሃገራውን ውድድራት ክመርሕ ጀሚሩ።

ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝቶዩድ ዝነበረ ሊግ ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ጸወታታት ንዝተፈላለየ ግጥማት ብምስኩን ኣጋዉብ ዝመርሐ ዳኛ'ዩ።

ልኡልሰገድ ኣብ ኣህጉራዊ ጸወታታት'ውን ቀሊል ዘይኮነ ተመኩሮ'ዩ ዘለዎ። ኣብ ናይ ሴካፋ ውድድራት ናብ ሩዋንዳ፡ ሱዳንን ታንዛንያን ብምኻድ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ግጥማት መሪሑ።

እቲ ዝመርሖ ግጥማት ናይ ሃገራውያን ጋንታታት ብምንባሩ ብዙሕ ተመኩሮን ትምህርትን ከምዝቐሰመሉ ልኡልሰገድ ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኣህጉራዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ - ፊፋ ዘወደቦ



ውድድራት ክልተ እዋኑ፡ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ - ካፍ ከኣ ብዙሕ ግዜ ገይሹ ኣህጉራዊ ውድድራት ከምዝመርሐ ይጠቅስ።

ልኡልሰገድ፡ ኣብ ከተማ ከረን ብዘንጸብርቕ ዝነበረ ኣመራርሓ ብቕዓት ዳንነት ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ካብ 2011 ክሳብ 2013 ብሉጽ ዳኛ ከተማ ከረን ተባሂሉ ተሸሊሙ'ዩ።

እቲ ናቱ ብልጫ፡ ዘገድዶ ነገራት እንተዘይረኸቡ ኣብ ብዋጊን ቀይሕን ካርድታት ምውጻእ ከምዝይህወኽ፡ እንታይ ድኣ ተጻወትቲ ንዝፍጽምዎ በደላት ብመገናሕትትን መጠንቀቕታን ከምዝሓልፎ፡ ዝሀቦ ውሳኔታት ከኣ ረጊኡን ኣስተብሂሉን ከምዝወሰን እቲ ቆማት ዳኛ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

ልኡልሰገድ፡ ካብቶም ኣብ ሃገርና ነዊሕ ዓመታት ዝጸንሑ ደያኑ'ዩ። ንሱ ካብ 1989 ክሳብ እዚ ዘለናዮ ዓመት ዛጊት ካብ ሞያ ዳንነት ኣይተኣልየን። በዚ'ዩ ከኣ "ብዙሕ ግጥማት ዝመርሐ ዳኛ" ተባሂሉ ዝጥቀስ። እቲ ወህሉል ተሞክሮኡ ከኣ ኣብቲ ሞያኡ ብሉጽ ኮይኑ ክወጽእ ሓጊዙዎ'ዩ። ንሱ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ናይ ውሽጢ ሃገርናን ናይ ወጻኢን ጸወታታት ብዝበዝሒ ስለዝከታተል፡ ባህርያት ደያኑን ተጻወትቲን ንምጽናዕ ከምዝሕግዞ፡ ብዘይካ'ዚ ኣካላዊ ብቕዓቱ ንምሕላው፡ ኣብ ሰሙን 4 ግዜ ልምምዳት ከምዝካይድ ይጠቅስ።

ኣብ ሃገርና ዘለዉ ደያኑ ግቡእ ስልጠናታት እንተተዋሂቦም ኣብ ዝተፈላለየ ኣህጉራዊ ውድራት ብዘይ ጸገም ክመርሑ ከምዝኽእሉ ብዮዝበሪ ከምዝረጋገጹ ልኡልሰገድ ይገልጽ።

ድራር ፍስሃየ

## ኣልኣህሊ ንጓዚ ምስራውያን ክትድኅብስ ትዳሎ



ዓብይ ክለብ ምስሪ - ኣልኣህሊ ንኮሚሩናዊት ኮቶን ስፖርት ረቲዓ ናብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስሊግ ኣፍሪቃ (2013 orange caf champions League) ብምሕላፉ ኑቶም ሃገራዊት ጋንትኦም ብጋና ዝወረዳ ገሕፊ ስዕረት ርእሶም ኣደኒኖም ዝርከቡ ምስራውያን ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ንግዜኡ'ውን እንተኾነ መሪር ስዕረቶም ከምዝርስዑ ገይራ ትርከቡ። እታ ተዓዋቲት ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረት ክለብ ኣብ ጽባሕ ናይቲ ምስራውያን ድሕሪ 24 ዓመታት ናብ ዋንጫ ዓለም ንምሕላፍ ዝነበሮም ሃረርታ ብጋና ድሕሪ ምጽልማቱ ዝ ዓውት'ዚ ምብቅዓ ብውሽጣዊ ቅልውላውን ናዕቢ ደገፍቲን ክሕመስ ዝጸንሐ ኩዕሶ እግሪ'ታ ሃገር ብመጠኑ ናብ ናይ ቀድም ደረጃኡ ይምለስ ከምዝሎ ዘርኢ ምዃኑ'የም ሓያለ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ዝሕብሩ።

ካብቶም ንጋና ንምግጣም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ምስሪ ዝኸዱ 23 ተጻወትቲ ዓሰርተ ናይ ክለብ ኣልኣህሊ ምዃኖም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ምስታ ጋንታ ንነዊሕ ዓመታት ዝተጻወተን ኣብ ኩማሲ (ጋና) ነታ እንኮ ናይ መጸናንዒ ሸቶ ብፍጹም ቅላዕ ዘመዝገበን ምኩር ኣከፋፋሊ መሓመድ ኣቡጥሪቓ ኣብ ምዝዛም ናይ'ዚ ዓመት ስፖርት ካብ ጸወታ ክሰናበት ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።


ብኣሰልጣኒ መሓመድ የሱፍ እትእለ ዘላ ኣልኣህሊ ዝመጽእ ናይ ዋንጫ ጸወታኣ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ክለብ ኦርላንዶ ፓይረትስ ኮይኑ፡ ቀዳማይ እግሪ 2 ሕዳር ኣብ ሰዌቶ (ደቡብ ኣፍሪቃ) ካልኣይ እግሪ ድማ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልታት ኣብ ካይሮ ከተካይድ ምዃና መደብ ጸወታ ካፍ ይሕብር።

ዕውትቲ ዝኾነት ጋንታ ድማ ካብ ካፍ ናይ 1.5 ሚልዮን ዶላር ሽልማት ኣብ ርእሲ ምዕታራ ኣብ ታሕሳስ ኣብ ሞሮኮ ኣብ ዝካየድ ግጥም ክለባት ዓለም ንኣፍሪቃ ወኪላ ናይ ምስታፍ ዕድል ክትረክብ'ያ።

## ተወሳኺ ብዛዕባ መጽሓፍ ፈርጉሰን

ብሰሉስ 22 ጥቅምቲ ተመሪቓ ናብ ኢድ ኣንበብቲ ድሕሪ ምብጽሓ ብተጻወትቲን ኣሰልጠንቲ ዝተፈለለየ ክለባትን መዛረቢ ኣርእስቲ ሰሪሓ እትርከብ 'My Autobiography' ዘርእስታ ልዕሊ 300 ገጻት ዝሓዘት ሓዳስ መጽሓፍ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ኣሌክስ ፈርጉሰን ኣብ ትሕዝቶኣ ሓያለ ጉዳያት ምልዓላ ይፍለጥ።

እቲ በዓል ዝና ኣሰልጣኒ ኣብዛ ብ25 ፓውንድ እትሸየጥ ዘላ መጽሓፉ ካብ




ዝጠቐሶም ብብዙሓት ኣካታዒ ኣርእስትታት ፈጢሮም ዝርከቡ ጉዳያት ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታምና ምስፋርና ዝዘከር። ካብዚ ብተወሳኺ፡ "ሮይ ኪን ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ንመንእሰያት ተጻወትቲ ኣዝዩ ኣሸጋሪን ዘፍርሕን ተጻዋታይ'ዩ ነይሩ። ሮይ ንኣተሓሳስባይ፡ ኣብቲ ክለብ ንዝነበረኒ ስልጣን ንዘጥቀመሉ ናይ ስልጠናን ሜላን እምነትን ክጸሉ ዝተዓጥቀን ድማ'ዩ ነይሩ" ክብል ይገልጽ።


ነቲ ካብ እግሪ ተኻሉ ክስኩሱ ኣዕበዩ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሖ እንግሊዛዊ ደቪድ ቤካም ድማ "ዴቪድ ከም ውሉደይ ዝቖጽሮ ብሉጽ ተጻዋታይ'ዩ ነይሩ። ምስ ኣባል ጉጅለ መዚቃ ስፓይስ ገርልስ ዝነበረት ቪክቶርያ ሓዳር ድሕሪ ምምስራቱ ግን ኣብ ጸወታ ዝነበሮ ተራን ኣበርክቶን ብኣሉታ ክጸሎ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ፍጹም ብበዓልቲ-ቤቱ ዝምለኽ ተጻዋታይ'ዩ ነይሩ" ክብል ብምግላጽ፡ ክሳብ ጫማ ቀለዑ ሸፋሽፍቲ ዓይኑ ዝሰለየሉ ፍጻመ ኣብ መጽሓፉ ተንቲኑዎ ኣሎ።


ነቲ ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ናይ ሰንበታ ዕለት ከምኡ'ውን ጸምብል ምቕባል ዋንጫ ፕሪሚየርሊግ እንግሊዝ ዓመት 2012/13 ካብ ማስርዕ ቀዳሞት ተሰለፍትን ተቐያርትን ወጺኡ ዝነበረ ዋይን ሩኒ ኣመልኪቱ ድማ፡ "ሩኒ ኮኾብ ተጻዋታይ'ዩ እንተኾነ ግን እዚ ተጻዋታይ ሓደ-ሓደ ግዜ ካብ ካብ ባዶ ተበጊሱ ዝኸሩን ናብ ካልእ ጋንታ ክኸይድ ግደፉኒ ኢሉ ብምሕጻ ድሌቱ ዝገብርን ሰሚታዊ ተጻዋታይ'ዩ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ነታ ወትሩ ሃዋኺት ጎረቤት ክብል ዝጽምያ ሃብታም ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ኣመልኪቱ'ውን ፈርጉሰን፡ ብገዛእ "ዋንጫ ዝዓደጉት ክለብ'ያ" ኢሉ ክጠቕሳ እንከሎ፡ ኣብ ናይ 26 ዓመት ዘመን ምስልጣኑ ዝጠየሰሉ፡ ንእንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ ኦውን ሃርግሪቭስ ካብ ባየር ሙኒክ ናብ ኦልድትራፎርድ ዝፈጸሞ ማስርሕ ምስግጋር ምዃኑ ከይገለጸ ኣይሓለፈን።

ብዛዕባ ጉዳይ ዓሌትነት ኡራጓያዊ ኣጥቃዓይ ኣመልኪቱ ድማ፡ "ሊቨርፑል ዓብይን ታሪኻዊትን ክለብ ክንሳ ከም ልዊስ ሰዋረዝ ዝኣመሰለ ዓሌታዊ ተጻዋታይ ሒዛ ክትቅጽል ምውሳና ንጉዳይ ዝተኸተሎቶ ኣተሓሕዛን ዘርእዮ" ክብል ሰፊሕ ትንታነ ሂቡ ኣሎ።

## ዘይምቅዳው ጓርድዮላን ሮበንን ኣብ ጉዳይ ሪጎለ!





ኣጥቃዓይ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ሆላንዳዊ ኣርየን ሩበን ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ኣብ ግጥም ቡንደስሊጋ እታ ጋንታ ንክለብ ማይንዝ ብገፊሕ 4 ብ 1 ኣብ ዝረትዓትሉ ግጥም ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ (ሪጎለ) ከይሃርም ብኣሰልጣኒ ፔፕ ጓርድዮላ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ኣኸሪይዎ ብምቕናዩ እታ ጣቫርያዊት ጋንታ ብረቡዕ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ኣንጻር ቼክ ረፓብሊካዊት ክለብ ቪችቶርያ ፕልዘን ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ ክሃርማ ካብ መንበር ተቐያርቲ ብኣሰልጣኒኡ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ብምንጻግ ንፈረንሳዊ ፍራንክ ሪበሪ ክሃርም ብምፍቃዱ መዛረቢ ኣርእስቲ ሰሪሑ።

ሪበሪ ድሕሪ'ቲ ጸወታ ንሸካይ ስፖርት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኩሎም ኣባላት'ታ ጋንታ ነታ ዝተዋህበት ፍጹም ቅላዕ ርበን ክጥቀመላ'ኳ እንተለመኑዎ፡ በቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙንቲ ፍጻመ ቅሒሩ ብምንባሩ ክጥቀመላ ኣይደለየን ክብል'ዩ ገሊጽዎ።

ርበን ኣብ ግጥም ፍጻሜ ሻምፕዮንስሊግ ኤውሮጳ 2012፡ ጋንታኡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ ንሓላው ልዩት ቸልሲ ፒተር ቼክ ክሕቆፎ ብምኽኣሉ ንጋንትኡ ኣብ ሜዳኣን ቅድሚ ደገፍታን ንመሪር ስዕረት ዳርጊዋ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።



# ስንበት ምስ ቆልዑ





## ወግዒ ኣቦይ ያሲን

ኣሰላሙዓሌኩም! ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም። ትምህርቲ ትነፍዑ ክትህልዉ ተስፋ እገብር። ዝሓለፈ ዓርቢ ዘጋጠመኒ ከውግዓኩም። ኣብ ዱኳን እንዳ ሓደ ወዲ ዓርከይ ኮፍ ኢለ እናዕለልኩ ከለኹ ኩዕሶ ክጻወቱ ዝጸንሑ ቆልዑ ምስ ረሃጾምን ሓምዱምን ሁፍ እናበሉ መጽኡና'ሞ "ኮካ'ዶ ኣሎ" በሉዎ ነቲ በዓል ዱኳን። ንሱ ከኣ "እወ'ሎ" ምስ በሎም "ሸውዓተ ኮካ ሃበና" በለ ሓደ ካብ'ቶም ኣቐዲሞም ዝኣተዉ ነቶም ምስኡ ዝመጹ ሓደ ብሓደ እናቖጸረ። ንሱ ከኣ ንነፍስ ወከፎም ሓሓደ ዓዲሉ መኸፈቲ ከምጽኣሎም ኢሉ ሃሰው ክብል ክጅምርን ፡ ነቲ ኮካ ኮላ በስናኖም ሹሽ ሹሽ እናበሉ ክኸፍትዎን ሓደ ኮነ። መኸፍቲ ሒዙሎም ምስ መጸ ከኣ "ድሓን ድሓን ዓምና ግደፎ ከፊትናዮ ኢና "በሉዎ ብሓደ ቃል። ኣስደሚሙኒ "ኣንታ እንታይ ኢኹም ትገብሩ ዘለኹም ?" በልክዎም " ኢሂ'ቦ " በሉኒ ንሳቶም'ውን ተገሪሞም። " መኸፈቲ ከለኩምሲ ስለምንታይ በስናንኩም ትኸፍትዎ" ኢለ ዘረባይ ከይወዳእኩ" "ዋላ ሓንቲ ጸገም የለን ኣቦ ክሰልጠና ኢልና ኢና" በለ ሓደ ካብኣ'ቶም ፡ድሮ ነታ ጥርሙዝ ፍርቂ ኣብጺሑዎ ነበረ ። "ናይ ምስላጥን ዘይምስላጥን ዘይኮነ እዚ ዝገበርኩም ነስናንኩም ጥዕና ዝህብ ኣይኮነን ፡ መኸፈቲ ከለኩም ንምንታይ በስናንኩም ትኸፍትዎ" ምስ በልክዎም፡ "ድሓን ድሓን ማዕለሽ ኣቦ ድሓን ውዓሉ " ኢሎም ብሓንቲ ትንፋስ ነተን ኮካ ኮላ ጨሊጦም ዕዝር በሉ።

ፍቱዋት ደቀይ ስኒ ተነቃፊ'ዩ ብጥንቃቐን ጽሬትን ከኣ ክትሓዝ ይግባእ። ብዙሓት ቆልዑ መንእሰያትን ዓበይቲን ብባሊቃ ንዝተዓሸገ ከም ልስሉስ መስተን ካልእን በስናኖም ክኸፍቱ ይረኣዩ'ዮም ንስኻትኩም'ውን ርኢኹም ኣለኹም። እዚ ግን ንስኒ ጥዕና ዝህብ ከምዘይኮነ ሓካይም ብዙሕ ግዜ ኣብ ቴሌቪዥን ኣብ ራድዮ ኣብ ጋዜጣ ይገልጹ'ዮም። በስናንካ ባሊቃ ክትከፍት ከሎኻ ኣስናንካ ክጭለፍ ክጎርፍ ወይ'ውን ክሽረፍ ይኽእል'ዩ። ከምዚ ኣብ እትገብሩሉ እዋን ድማ ዘይተስተውዕሉሉ ማህሰይቲ ከም ዘስዕብ ኣይትዘንግዑ። ሳዕቤን ከም ዘይብሉ ጌርኩም ኣይትገምቱዎ። ብቐደሙ'ውን'ኮ ባሊቃ ብስኒ ምኽፋት ሳዕቤን እንተዘይህልዎ መኸፈቲ ምስራሕ ኣይመድለየን ።

ፍቱዋት ደቀይ ከም'ዚ እዞም ቆልዑ ዝበሉዎ "ክሰልጠኩም ክትብሉ ንጥዕና ኣስናንኩም ዝሃሲ ተግባር ኣይትፈጽሙ። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ከኣ መኸፈቲ ብቐረባ ክርከብ እናተኻእለ'ዩም ብዙሓት ሰባት በስናኖም ክኸፍቱ ዝረኣዩ። ዋላ'ውን መኸፈቲ እንተዘይተረኸበ ብኻልእ ተጣቢብካ ድኣ ክኸፈት ኣለዎ'ምበር በስናንስ ኣይግድን! ስለዚ ሓደራ ኣስናንኩም ንነዊሕ ምእንቲ ከገልግለኩም ብጽሬትን ጥንቃቐን ድኣ ሓዙ!







## ኣርያምን ኤስሮምን

ኣርያም 5ይ ክፍሊ እትመሃር ጓል 10 ዓመት ኮይና ሓንቲ ካብ'ቶም ንፉዓት ተማሃሮ'ያ። ብትምህርታ ንፍዕቲ ብጠባያ'ውን ምስግንቲ ስለ ዝኾነት ንዓኣ ዘይፈቱ የለን። ዓሚ ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝመሃር ዝነበረ ኤስሮም ዝበሃል ምንኣስ ሓዋ ኣብ'ዚ ዓመት ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ሰጊሩ ድሮ ትምህርቲ ጀሚሩ'ሎ። ኤስሮም መምህራኑ ዝጀምሩሉ ሓደ ክልተ ..ሀሁ...ትኹል ሕንጻጽ ጋድም ሕንጻጽ ክጽሕፍ ጀሚሩ ድሮ'ውን ነቶም ካልኦት ብጸቱ በሊጹ ንኹሉ ዝተዋህቦ ዕዮ ብግቡእ ወዲኡ ንመምህራኑ የርእዮምሞ ንሳቶም ከኣ ብመንፍዓቱ እናተገረሙ ዘዕግብ ነጥቢ ይህብዎ። ኤስሮም ንፉዕ ክኸውን ዝኸኣለ ግን ኣብ ክፍሊ ብዝወሃቦ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ እታ ሓሙሻይ ክፍሊ እትመሃር ኣርያም ሓብቱ ኣብ ገዛ ስለእትሕግዞ'ያ። ኣርያም መጽናዕታን ዕዮ ገዝኣን ምስ ወድአት ንኤስሮም ልክዕ ከምታ መምህራኑ ዝገብሩዋ ሓደ ክልተ.. ሀሁ...ትኹል ሕንጻጽ ጋድም ሕንጻጽ...ጀሚራ ቀጽሎ ትብሎ። ንሱ ከኣ ከምታ ዝበለቶ ይገብር'ሞ ትእርመሉ። ብኸምዚ ሰዓታት ፈልያ ስለ እትሕግዞ ኤስሮም ካብ'ቶም ብሉጻት ተማሃሮ ቀዳማይ ክፍሊ ክኸውን ክኢሉ። ፍቱዋት ቆልዑ ንስኻትኩምከ ንነኣሽቱ ኣሕዋትኩም ኣብ ትምህርቲ ትሕግዝዎም'ዶ? እቶም እትሕግዝዎም ኣበርቲዕኩም ክትቅጽልዎ፡ እቶም ዘይትሕግዝዎም ከኣ ካብ ሎሚ ጀሚርኩም ብዓቕምኹም ክትሕግዝዎም ፈትኑ - ከም ኤስሮም ክኾኑ!



### ንእፍልጠ

* ክፍልታት ዓለም ሸውዓተ ኮይኖም ካብ ደሴታት ዝሰፍሑ'ዮም። ሸውዓተ ክፍልታት ዓለም ኣፍሪቃ፡ ኤሽያ፡ኤውሮጳ፡ ኣውስትራልያ፡ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ድቡብ ኣሜሪካን ኣንታርክቲክን ይበሃሉ።

* ስፍሓት ኣፍሪቃ 30 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትር'ዩ። ካብተን ካልኦት ክፍልታት ዓለም ብስፍሓታ ካልኣይቲ'ያ። እታ ዝዓበየት ክፍሊ ዓለም ኤሽያ'ያ። ፍቱዋት ቆልዑ ብዛዕባ ኣህጉርና ኣፍሪቃ እንታይ ትፈልጡ?

* ኣፍሪቃ ብማያዊ ክፍሊ ዝተኸበት ኮይና ብምዕራብ ኣትላንቲክ ውቅያኖስ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ህንዳዊ ውቅያኖስ ፡ ብሰሜናዊ ምብራቕ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰሜን ከኣ ብማእከላይ ባሕሪ ተኸቢባ ትርከብ።

* ኣፍሪቃ ካብ ኤውሮጳ ንደቡብ፡ ካብ ኤሽያ ድማ ብደቡባዊ ምዕራብ ትርከብ። ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ብማእከላይ ባሕሪ ተፈላልየን ይርከባ።

* ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ ማእከላይ ባሕሪ መጻብብ ጀበል ጣሪቕ ዝበሃል ጸቢብ ማያዊ ክፍሊ ይርከብ። እዚ ማያዊ ክፍሊ ጎኑ ካብ 13-15 ኪሎ ሜትር እዩ። ጀመል ጣሪቕ ንሰሜናዊ ምዕራብ ጫፍ ኣፍሪቃ ካብ ደቡባዊ ምዕራብ ኤውሮጳ ይፈሊ። ንኣትላንቲካዊ ውቅያኖስን ማእከላይ ባሕሪን ከኣ የራኽብ።

* ኣብ ምብራቓዊ ጫፍ ማእከላይ ባሕሪ፡ ቅድሚ 186 ማለት ፡ መትረብ ስወጽ ወይ ስዊዝ ካናል ቅድሚ ምኹዓቱ፡ ኣፍሪቃ ብሓላቕ መሬት ስወጽ ምስ ኤሽያ ተላጊባ ነበረት። ግን ብ 1869 መሬት ስወጽ ምስ ተኳዕተ ሓውሲ ደሴት ሲናይ ካብ ኣፍሪቃ ብስዌዝ ካናል ተኣልየ።

* ኣፍሪቃ ካብ ኤሽያ ብቐይሕ ባሕሪ ትፍለ። ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ቀይሕ ባሕሪ መትረብ ስወጽ ወይ ስዊዝ ካናል ዝበሃል ጸቢብ ማያዊ ክፍሊ ኣሎ። ንማእከላይ ባሕሪን ፡ ቀይሕ ባሕሪን ስለዘራኽብ ኣብ ንግድ ባሕሪ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቀይሕ ባሕሪ መጻብቦ ባል ኤል መንደብ ዝበሃል ጸቢብ ማያዊ ክፍሊ ይርከብ። ንቐይሕ ባሕሪን ህንዳዊ ውቅያኖስን ስለ ዘራኽብ'ውን ኣገዳስነቱ ልዑል'ዩ።

### ፍለጡኒ?

ኣነ ክስቀል
ጽሓይ ትቕልቀል
ኣነ ክወርድ ጽሓይ ትጠፍእ
ኣነ ዘይብሉ ጸላም ይመጽእ
ኣርባዕተ መስረትቲ
ሕብርታተይ
ኣውሊዕ ዝቕናተይ
ደሚቕ ጽላሎተይ
መድሕን ዜጋታተይ።
ክወርድ ክድይብ ብቐጣን
ገመድ
ባህረይ ኣይፈቅድን
ክትንከፍ ብሓመድ።
ኩሉ የኽብረኒ ውላድ'ዛ
መሬት
ብደመ ዓጽሚ ተተኺለ
የንበልብል ብኹርዓት
ቀንዴል ኩሉ'የ ሓወልቲ
ዝንተ - እለት !
ባንዴራ'የ!!!
ተማሃራይ ወጊሑ
ፍስሃጽዮን
ካብ ኮለጅ ስነጥበባትን
ማሕበራዊ ስነፍልጠትን
ማይ ነፍሒ።

### ነዘን ዝስዕባ ቁጽርታት ክትምልሱወን ፈትኑ'ሞ ክትግረሙ ኢኹም

1 x9+2= ?

12 x 9+3= ?

123 x 9+4= ?

1234 x 9+5= ?

12345 x 9+6= ?

123456 x 9+7= ?

1234567 x 9+8= ?

12345678 x 9+9= ?

123456789 x 9+10= ?

መልሲ ኣብ ዝመጽእ ዓምዲ።

(ምንጪ " ጠጥዑሙ "ብመስፍን ገ/ሂወት)

ምስ ሃማመተኤ ብምትሕብባር ዝዳሎ ሕታም